# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.135 | ሓሙስ 5 ለካቲት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሰብ፡ ሰርሖ ብልሕን ኣፍራይነትን





ገጽ 5





ጫፍ ናይ'ቲ ክብታ

ገጽ 9
ምትእኽኻብ ገዳይም ስፖርተኛታት ኤርትራ





ገጽ 11





ቢንያም ተዓዊቱ


# 'መውል' ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2025 ኣድማዒ ስራሕ ከምዝዓመመ ገምጊሙ

መደብ ውህለላን ንኡስ ልቓሕን - 'መውል' ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2025 ኣድማዒ ስራሕ ከምዝዓመመ፡ ብ3 ለካቲት ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሳምሶን የውሃንስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ዓማዊል ዝተዘርግሐ ልቓሕ ንምእካብ ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ እቲ መጠን ብ21 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፣ 62.6 ሚልዮን ናቕፋ ዝነበረ ዝርግሐ ልቓሕ ድማ ናብ 76.5 ሚልዮን ናቕፋ ክብ ከምዝበለ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቁጽሪ ተለቃሕቲ ምስ ናይ 2024 ክነጻጸር እንከሎ ብ13.9 ሚእታዊት፣ መጠን ምምላስ ልቓሕ ድማ ካብ 52.6 ሚእታዊት ናብ 65.5 ሚእታዊት ከምዝበረኸ ዝሓበረ ኣቶ ሳምሶም፡ 55.6 ሚእታዊት ካብ ተጠቀምቲ ደቂኣንስትዮ ምዃነን ኣብሪሁ።

ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት 'መውል' ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም ብወገኑ፡ ተራ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣብ ንጥፈታት ናይ'ቲ ትካል ዝምስገን ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምዕዳልን ምእካብን ገንዘብ ተዓሚሙ ዘሎ ስራሕ ዝምስገን ምዃኑ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝተዓደለ ልቓሕ ኣብ ግዜኡ ክእከብ፣ ብጉጅለ ዝካየድ ልቓሕ ንምዕባይ ድማ ክድፋኣሉ ዝብል ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ድማ፡ 'መውል' ዜጋታት ብቑጠባ ንኽዕብዩ ንዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ብምምጓስ፡ ተጠቀምቲ ንዝተኸፍተሎም ዕድላት ብዝግባእ ተጠቒሞም መነባብሮኦም ከመሓይሹን ልቓሖም ኣብ እዋኑ ክመልሱን ተማሕጺኑ።

ጨንፈር 'መውል' ዞባ ማእከል፡ ኣብ 6 ጨናፍርን 66 ዓዳዊ ባንክታትን ዝጥርነፉ ልዕሊ 11 ሽሕ ዓማዊል ኣለውዎ።



ስእሊ. ሮቤል መረስዕ

# ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም መንሸሮ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

4 ለካቲት - ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም መንሸሮ፡ "መንሸሮ፡ ብሕክምና ጥራይ'ዩ ዘፍወስ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ኣብ ከተማ ኣስመራ ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብረኣብ ዝተረኽበትሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዝያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ዕለት - ሕማም መንሸሮ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ናይ ጥዕና ብድሆታት ከምዝኾነ ብምዝኽኻር ኣፍልጦ ንምብራኽ ንምስራሕ እተተባብዕ ምዃና ብምጥቃስ፡ ሳዕቤን ናይ'ዚ ሕማም ኣብ ስድራቤታት፡ ኮማትን ሃገራትን ልዑል ስለዝኾነ፡ ንህዝቢ ማእከል ዝገበረ መብጽዓ ምእታው ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ኣደ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ሕማም መንሸሮ ወ/ሮ ሮማን ገብእየሱስ ብግደኣ፡ ማሕበሮም ከምዘሎ ብምብራህ፡ ገና ኣብ ማሕበር ዘይተጠርነፉ ዝሓመሙ ዜጋታት ክህልዉ ስለዝኽእሉ፡ ካብ ዘየድሊ ባህላዊ ሕክምና ተሓዪቦም፡ ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝወሃብ ብሓልዮት መንግስቲ ብ9 ሕዳር 2024 ጉባኤ ብምኽያድ ከምእተመስረተ ብምሕባር፡ ኣብ'ዚ እዋን ቁጽሪ ኣባላት 400 በጺሑ ከምዘሎ ገሊጻ።

መንግስቲ - ንሕሙማት መንሸሮ ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይህብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክኾኑ ተላብያ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዛዕባ ሕማም መንሸሮ ዘሎ ኣፍልጦ ክብ ንምባል ዝሕግዝ ኣስተምህሮ፡ ብሰብ ሞያ ጥዕና ተዋሂቡ።

ኣብ ዓለም፡ ሓደ ካብ ሽድሽተ ዘጋጥም ሞት ብመንሸሮ ዝስዕብ ምዃኑ፡ ጸብጻባት ጥዕና የነጽሩ።

ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም መንሸሮ፡ ብደረጃ ዓለም "ሕቡራት ብፍሉይነትና" ብዝብል ቴማ ንመበል 26 ግዜኣ ተዘኪራ።



ስእሊ. ሳሚኤል ንጉሰ

## ተጋዳላይ ረዘነ ሓድጉ ዘሙይ ተሰዊኡ

ኣባል ሚኒስትሪ ጥዕና - ገዲም ተጋዳላይ ረዘነ ሓድጉ ዘሙይ፡ ብ3 ለካቲት ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ፡ ኣብ ኣስመራ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ኣብ መሳርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1987 ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም) ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ረዘነ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ሕክምናን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ብሞያ ሕክምና ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስዉእ ተጋዳላይ ረዘነ ሓድጉ፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ሓንቲ ውሉድን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 4 ለካቲት ሰዓት 4፡00 ድሕሪ-ቐትሪ፡ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብመስዋእቲ ገዲም ኣባሉ ገዲም ተጋዳላይ ረዘነ ሓድጉ ዘሙይ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ዓሰብ - ብሞያ መዝሓሓሊታትን መዘሃሚ ኣየርን ዝሰልጠኑ ተመረቑ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣኽቡብን ምስ ጨንፈር ሃኮሰኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ብምውህሃድ፡ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ብሕትን ንዝተዋጽኡ ኣብ ሞያ መዝሓሓሊታትን መዘሃሚ ኣየርን ዝጦፉ 25 ክኢላታት፡ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ኣብ ውሑስ ምሕደራ መዝሓሊታትን መዘሃሚ ኣየርን ዘሎ ዓቕሚ ንምብራኽ፣ እናተቐያየሩ ዝመጹ ዘለዉ መዝሓሓሊ ጋዛትን ብእኦም ዝፀዱ ንዋትን ንምልላይ፣ ከምኡ'ውን ንምጽጋኖም ዘኽእል ዓቕሚ ንምድላብ ዓሊሙ ብጉብሪን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ካብ 26 ክሳብ 30 ጥሪ'ዩ ተኻዩዱ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ዓውዲ መዝሓሓሊታትን መዘሃሚ ኣየርን፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወትን ምፍጣር ዕድላት ሸቕለትን ልዑል ኣገዳስነት'ኳ እንተለዎ፡ እቶም ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘገልግሉ ዓይነታት ንዋት ብቑዕን ውሑስን ኣገባብ እንተዘይተኸቲሎም ሃሰያኦም ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ሰልጠንቲ ነዚ ተገንዚቦም ብውሕልነት ክጥቀሙሎም ለበዋ ቀሪቡ።

ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መዘዘሚ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ሞያኦም ኣብ ምዕባይ ከምኡ'ውን ድሕነቶምን ድሕነት ኣከባቢኦምን ኣብ ምሕላው ጻዕሪታቶም ከሐይሉ ተማሕጺኑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ን25 ኣባላት ክፍሊ ጉምሩክ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ምግታእ በከልቲ መዝሓሓሊ ጋዛትን ንዕኡ ዝምልከት ኣዋጃትን መምርሒታትን ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ሰልጠንቲ፡ ከም'ዚ ዓይነት ስልጠናታት ንትግባረ ኣዋጃት ሓጋዚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ክድፋኣሉን ኣድላዪ መሳርሒታት ክዓጥቁን ተላብዮም።



# ፖሊስ ዞባ ደቡብ፡ ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዩዱ


ስእሊ. ዘርኣይ ብርሃነ



ኣባላት ፖሊስ ምስ ሕብረተሰብን ኮማዊ ፖሊስን ተወሃሂዶም ጸጥታን ርግኣትን ኣብ ምውሓስ ውጽኢታዊ ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኮሎኔል ዘሚኪኤል ተኽልያ ገሊጹ።

ብ30 ጥሪ ንጥፈታት ፖሊስ ናይ'ቲ ዞባ ኣብ 2025 ንምግምጋም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ምስ ናይ 2024 ብምንጽጻር በደላት ብኣስታት 4 ሚእታዊት ከምዝነከየ፣ ገበናት ግና ብኣስታት 8 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ 3.7 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ጠፊኡ ዝተረኽበ ንብረት ንመደብራት ፖሊስ ከምእተረከበ፡ ኣብ'ቲ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ንንጥፈታት ኮማዊ ፖሊስ ብዝምልከት፡ ምስ ብዝሖም ዝሓሸ ስራሕ ክዓሙ ትጽቢት ከምዝግበረሎም ክገለጽ ከሎ፡ ተጠቀምቲ ጽርግያ ብሓፈሻ ኣጋር ደማ ብፍላይ ብመስመሮም ክሽዱን ክሳገሩን ለበዋ ቀሪቡ።

ኮሎኔል ዘሚኪኤል ተኽልያ ኣብ መወዳእታ፡ ፖሊስ ኣብ ሓቅን ርትዕን ዝተመርኮሰ፣ ብግዜ ዝተደረተ ጸፋፍ ኣገልግሎት ንኽህብ ኣብ ዘካይዶ ቀጻሊ ጻዕርን ክትትልን፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ኮምን ምትሕብባርም ክብ ከብሉ ተላብዩ።

# ተሰነይ - ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከምዝነከየ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ መዳይ ጥዕና ብምብራኹ፡ ተርእዮ ተመሓላለፍቲ ሕማማት HIV/AIDS፡ ዓባይ ሰዓል፡ ዓሶን ካልኦት ኣረሰንቲ ሕማማትን ከምዝነከየ ተገሊጹ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ተሰነይ ዶ/ር ግደ ጉብረወልድ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሕብረተሰብ ንዝወሃቦ ኣስተምህሮን ምኽርን ኣብ ግብሪ የውዕሎ ስለዘሎ፡ ቁጽሪ ብተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝጥቅዑ ዜጋታት ከምዝነከየ ሓቢሩ።

ሆስፒታል ተሰነይ፡ ንበርቲ ንኡሳን ዞባታት ተሰነይ፡ ሃይኮታ፡ ጎልጅን ክፋል ፎርቶ-ሳዋን ከምዘገልግል ብምጥቃስ፡ ቡብእዋኑ ክማልኣሉ ብዘጋንሐ ናውቲ ሕክምናን ዓቕሚ-ሰብን ሕክምና ስኒ፡ ላቦራቶሪ፡ መወለዲን፡ ፋርማሲ፡ ፊዝዮተራፒ፡ ኤክስ-ረይን ከምኡ'ውን ቀዳማይ ረድኤትን ሕክምና ህጻናትን ዘጠቓልል ኣገልግሎታት ከምዝህብ ኣረዲኡ።

ኣብ 2025 ልዕሊ 64 ሽሕ ተመላለስቲ፡ 7,340 ድማ ደቂሶም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምዝረኸቡ ዝሓበረ ዶ/ር ግደ፡ ሕማም ዓሶን ካልኦት ኣረሰንቲ ሕማማትን ንምቁጽጻር፡ ብህዝብን ትካላት ጥዕናን ዝፍጸም ወፈራዊ ጽሬት ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ዶ/ር ግደ ጉብረወልድ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ሓኪም ከይቀረብካ ባዕልኻ መድሃኒት ምውሳድ ኣብ ጥዕና ኣሉታዊ ሳዕቤን ስለዘኸትል፡ ተገልገልቲ ካብ'ዚ ተግባር ክሕልዉ ተላብዩ።

ካብ ተገልገልቲ ወ/ሮ ሃይማኖት ኢሳቕን ወ/ሮ መዲና እድሪስን ብወገነን ኣብ'ቲ ሆስፒታል ብዝቐረበለን ኣቀባብላን ክንክንን ዕጉባት ምዃነን ገሊጸን።

# ድባርዋ- ኣብ ሰለስተ ዓድታት መሬት ጤሳ ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ - ዓድታት ዓዲ-ሰልዳይት፡ ክሳድ-ዳዕሮን ዓዲ-ባናን፡ ብመሰረት ኣዋጅ ቁጽሪ 58/1994 ግቡኦም ንዘማልኡ 393 ዜጋታት፡ ብ27 ጥሪ መሬት ጤሳ ተዓዲሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዓዲ-ሳልዳይት 48 ደቂኣንስትዮ ንዝርከቡኦም 139 ዜጋታት፣ ኣብ ክሳድ-ዳዕሮ 36 ደቂኣንስትዮ ንዝርከቡኦም 166 ዜጋታት፣ ኣብ ዓዲ-ባና ድማ 22 ደቂኣንስትዮ ንዝርከቡኦም 88 ዜጋታት፡ ንነፍሲ-ወከፎም 270 ትርብዒት ሜትሮ ስፍሓት ተዋሂቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መሬት ጤሳ ዝሓተቱ 406 ዜጋታት ምዃኖም ብምጥቃስ፡ እቶም ዝተረፉ እቲ ዘድሊ ቅጥዕታት ምስ ኣማልኡ ከምዝዕደሉ ገሊጹ።

ዝተዓደለ መሬት ጤሳ ኣብ መዓልኡ ምውዓል ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ምዃኑ ብምንጻር ድማ፡ ምሻጥ ኩነ ምልዋጥ ከምዘይፍቀድ ኣፍሊጡ።

መሬት ጤሳ ዝተዓደሉ ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ኣብ'ዚ መሰረታዊ ኣገልግሎታት እናተማልኡ ዓድታት ናብ ደረጃ ሓውሲ ከተማታት ዝሰጉማሉ ዘለዋ እዋን ጤሳ ምዕዳሎም ከምዘሐጎሶም ብምጥቃስ፡ ኣብ ግቡእ መዓላኡ ከምዘውዕልዎ ኣረጋጊጾም።

ኣብ ቀጻሊ፡ ኣብ ተራ-እምኒ፡ ጉላ፡ ዓዲ-ናህባይን ዓዲ-ቀተኹላን መሬት ጤሳ ንምዕዳል መደብ ከምዘሎ፡ ካብ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር መሬት፡ ማይን ኣከባቢን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተሰፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጳ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቀላሕታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 15:10 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:50 | ፓናሮማ |
| 16:15 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:30 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጉስ

# ሰብ-ሰርሖ ብልሕን ኣፍራይነትን

<u>ቀዳማይ ክፋል</u>

ቴክኖሎጂ ምስ ደቂሱብ ብሓባር ዝፈለቐ ኮይኑ፡ ዓቢ ቁጠባውን ማሕበራውን ለውጢ ክመጽእ ዝደረኸ እዩ። ብሃፋ ትሰርሕ ሞተር ኣብ ዝተማህዘትላ እዋን ክሳዕ ምጥቃም ኤለክትሪክ ዝተኻእለሉ ዝተኸስተ ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ጥራይ ምስ ንምልከት፡ ኣብ ምሕያል ኣፍራይነትን ምብራኽ ደረጃ መነባብሮ ደቂሰብን ዝገበሮ ኣበርክቶ ኣዝዩ ዓቢ'ዩ። ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ግና ብእኡ ኣየብቅዕን። ምኽንያቱ ተክኖሎጂ ብዝተወሰነ ተክኖሎጅያዊ ምዕባለ ወይ ከም ሰፈ ብኣደን ዝዛዘም ስለዘይኮነ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ሓደ ዘመን ምዕቡል ዝበሃል ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ኣብ ካልእ ዘመን ዋጋ ዘይብሉ ወይ'ውን ከም ተክኖሎጂ ዘይርኢ ክኸውን ይኽእል። ብኣንጻሩ ድማ ኣብ ሓደ ዘመን ክሕሰብ ዘይኮነ ክሕለም ዘይከኣል ዝነበረ ደረጃ ተክኖሎጅያዊ ምዕባለ ኣብ ካልእ ዘመን ተራ ነገር ይኸውን። በዚ ዘየቋርጽ ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ዝፍጠር ብደረጃ ውልቀሰብ፡ ትካልን ሃገርን ዝስተማቐር ረብሓታት ተክኖሎጅያዊ ለውጢ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ።

ውልቀሰብ ቁጠባዊ ወይ ማሕበራዊ ዕዮኡን ዕማሙን ንምፍጻም ዘድልዮ ዝነበረ ግዜን ጉልበትን ብኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ መልክዕ ነክዩ ይርከብ። ንኣብነት፡ ዓመታት ዝወስድ ዝነበረ ጉዕዞ ሳላ ውጽኢት ተክኖሎጅያዊ ምዕባለ ዝኾና ተሽከርከርቲ፡ ነፈርትን ኣንሳፈፍትን ኣብ ሰዓታት ወይ መዓልታት ዝፍጸመሉ መድረኽ ተበጺሑ ኣሎ። ብኣካል ምጋሽ፡ ኣማራጺ ተማሂዙሉ ብተለፎንን ብማንዛን ምርኻብን ምዕያይን ተኻኢሉ ኣሎ። ብጉልበት ወይ ብእንስሳ ዝትግበር ዝነበረ ሕርሻዊ ንጥፈት ከም ትራክተር ብዝኣመሰለ ውጽኢት ምህዞን ምብልሓትን ዝኾና ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ብቐሊልን ሰፊሕን ክዕመም ንቡር ኮይኑ ይርከብ። ልዑል ጉልበትን ግዜን ሰራሕተኛታት ዝጠልብ ዝነበረ ናይ ፋብሪካ ንጥፈት ከም ሰፍሰፍቲ፡ ኣጉዓዓዝትን መስራሕትን ዝበላ ማሽናት ብምትካል ብቐሊሉ ክዕየ ተኻኢሉ ኣሎ። በዚ ተክኖሎጅያዊ ምዕባለ ዝተዋለደ ግዜን ጉልበትን ሰብ ከኣ ካልእ ዕማም ንምፍጻም፡ ፍርያት ንምዕባይን ደረጃ መነባብሮ ንምምሕያሽን ዕድል ፈጢሩ ይርከብ።

ትካላት ብፍላይ ከኣ ትካላት መሰንዕ ቀንዲ ምንጮን ተጠቀምትን ተክኖሎጅያዊ ምዕባለን ተክኢካዊ ለውጥታትን እየን። ኣቦ ስነቑጠባ ተባሂሉ ዝግለጽ ኣዳም ስሚዝ ንባህርን ምንጮን ሃብቲ ሃገራት ኣብ እትገልጽ ፈላሚት ናይ ስነቑጠባ መጽሓፉ ካብ ዘመልከቶ ኣፍራይነት ዘዕቢ ኣወዳድባ ስራሕ ጀሚሩ፡ ክሳዕ እዚ ሎሚ እዋን መዓልታዊ ዝዝረበሉ ዘሎ ንሰብ ዓዲ-ውዒል ክይገብር ዝበሃለሉ ዲጂታዊ ተክኖሎጂታት ኣፍራይነት ትካላት ኣብ ምዕባይ ዓቢ ግደ ከምዝገበረ ኣየካትዕን። ንመጠን ተኸፋሊ (ኮስት) ትካል ብቐጥታ ኣብ ዝጸሉ እታው ከምኡ'ውን መስርሕ ምፍራይ ዝተራእየ ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ዝደረኾ ምዕባይ ኣፍራይነት፡ መጠን መኽሰብ ከምዝዓቢ ብምግባር ዋኒናት ቀጻልነተን ከውሕሳን ከስፋሕፍሓን ከምኡ'ውን ኑቲ ኣርኣያ ተኸቲለን ሓደስቲ ዋኒናት ክትከላ ዘኽእል'ዩ።

ደረጃ ኣፍራይነት፡ ኩነታትን ደረጃን ሃገራት ኣብ ምውሳን ዓቢ ግደ ካብ ዘለዎም ረቛሕቲ ሓደ'ዩ። ከም መዓቀኒ ደረጃ ኣፍራይነት ሃገራት ዝውሰድ ድማ ጃምላ ሃገራዊ ፍርያተን ንምፍራይ ዝወሰደለን ሰዓታት ወይ'ውን ብመንጽር ሓደ ሰራሕተኛ ዘፍረየኦ ፍርያት'ዩ። በዚ መንጽር፡ ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት ብተዛማዲ ልዑል ዝበሃል ደረጃ ኣፍራይነት ዘመዝገባ ወይ ዓቢ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ብመንጽር ዝወሓደ ሰዓታት ዘፍርያ እየን። እተን ኣብ ምምዕባል ኣለዋ ዝበሃላ ጸለውቲ ሃገራት'ውን ከምኡ ደረጃ ኣፍራይነተን ቀጻሊ ዕብየት ዘርኢ ዘሎ'ዩ። እተን ዘይማዕበላ ዝበሃላ ከኣ ክግመት ከምዝከኣል ትሑት ደረጃ ኣፍራይነት ወይ ትሑት ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ዘለወን እየን። ገለ ሃገራት ኣብ ዝተወሰነ ጽላት ንኣብነት ዕደና ወይ ብናይ ወጻኢ ትካላት ኣብ ዝውሕና ትካላት ጥራይ ዝተደረተ ልዑል ደረጃ ኣፍራይነት ከመዝግባ ይኽእላ እየን። እዚ ግና ንደረጃ መነባብሮ ናይ ህዝበን ዘመሓይሽ ስለዘይኮነ ዘይት




ተርእዮ ኣይኮነን። ነዚ ኣብ ደረጃ ኣፍራይነት ሃገራት ዝርአ ፍልልይ ካብ ዘውስኑ ረቛሕቲ ሓደ ተክኖሎጅያዊ ደረጃ ናይተን ሃገራት'ዩ።

እዚ ብደረጃ ውልቀሰብ፡ ትካልን ሃገርን ዝተገልጸ ደረጃ ኣፍራይነት ዝምድናኡ ሰንሰለታዊ'ዩ። ናይ ውልቀሰብ ደረጃ ኣፍራይነት ከይዓበየ ናይ ትካል ደረጃ ኣፍራይነት ክዓቢ ኣጸጋሚ'ዩ። ናይ ትካላት ደረጃ ኣፍራይነት ከይዓበየ'ውን ናይ ሃገር ደረጃ ኣፍራይነት ክዓቢ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ፡ ናይ ውልቀሰብ ደረጃ ኣፍራይነት ከይዓበየ፡ ናይ ሃገር ደረጃ ኣፍራይነት ክዓቢ ኣጸጋሚ ይኸውን ማለት'ዩ። ተራ ተክኖሎጂ ኣብ ምዕባይ ኣፍራይነት ድማ ኣብ ሰለስቲኡ ኩነት ወሳኒ ምዃኑ ተጠቒሱ ይርከብ። እንተኾነ ተክኖሎጂ በዚ ሰንሰለታዊ ዝኾነ ኣፍራይነት ናይ ምዕባይ ዓቕሙ ጥራይ ድዩ ዘርኢ?

ምስ ምህዞ ተዛሚዱ ዝምዕብልን ዝኽሰትን ተክኖሎጅያዊ ገስጋስ ዝልለየሉ ፍሉይ ባህሪ ኣሎ። ነዚ ንምፍጣርን ምዕናውን ኣብ ሓደ ዘጣምር ገላጺ ሓረግ (ክሬቲቭ ዲስትራክሽን) ዝመሃዘ ድማ ጆሴፍ ሹምፕዩተር ዝተባህለ ስነቑጠበኛ እዩ። ምህዞ ጥቕልል ብዝበለ መልክዑ ክግለጽ እንከሎ ሓድሽ ወይ ኣዝዩ ዝተመሓየሸ ፍርያት፡ መስርሕ ወይ'ውን ትካላዊ ኣወዳድባ ምምዕባል'ዩ። በዚ ከኣ ሰሩ ዝከቓንቐ ወይ ዝዓኑ ፍርያት፡ መስርሕ ይኹን ትካላዊ ኣወዳድባ የለን ማለት ኣይኮነን፣ በቲ ዝተፈጥረ ወይ በቲ ሓድሽ ዝትካእ ወይ ዝዓኑ ነገር'ሲ ኣሎ። ጠቓምነት ናይቲ ተክኖሎጅያዊ ምዕባለ ድማ ብሚዛን ናይቲ ዝዓኑን ዝፍጠርን እዩ ዝግለጽ። እቲ ዝፍጠር ኪኖ'ቲ ዝዓኑ ኣርባሒ ምስ ዝኸውን ድማ ደገፍን ተቐባልነትን ይርከብ። እንተኾነ እቲ ተክኖሎጅያዊ ፍርያት ኣርባሒ'ዩ ክበሃል እንከሎ ዘረብሕ መን'ዩ? ብኣንጻሩ ዝኸስር ከ መን'ዩ?

ተክኖሎጂ ዘስግኦን ዘርብሖን

ኣብዚ እዋን ሓድሽ ተክኖሎጂ ዝጸልእ ሰብ ሉዲተኛ (ላዳይት) ወይ መናሸዊ ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ። መበቆል ናይዚ መግለጺ ከኣ ንድሕሪት ኣብ 19 ዘመን ናብ ዝነበረ ምንቅስቓስ ናይ ክኢላታት ሸቃሎ ዝመልስ'ዩ። እቶም ክኢላታት ሸቃሎ፡ ማሽን ዝጥቀሙ ወነንቲ ፋብሪካን ትሑት ዝኽእለቶም ሸቃሎን ንኽእለትና ዘዳኽሙ እዮም ብዝብል ድርኺት ተቓውሞ ዘርእዩ ዝነበሩ'ዮም። እቶም ፈለምቲ ወይ ቀንዲ ሉዲተኛታት ግና ኑቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዝነበረ ብማሽን ዝግበር ማእለማን ምጥላፍን ዝቃወሙ ዝነበሩ እንግሊዛውያን ኣለምትን ሰራሕተኛታ ዓለባን እዮም። ሙብዛሕትኦም ድማ ኑቲ ጥበብ ክመልኩ ዓመታት ዝተማህሩ ኢደጥበበኛታት ብምንባሮም፡ እቶም ትሑት ክእለት ዝነበሮም ናይተን ኣለምቲ ማሽን ኦፐሬተራት ስራሕና ብምምንጣል ናብራና ክዘርጉልና እዮም ዝብል ፍርሒ ዝነበሮም እዮም። ኣብ ማእለማ ዝነጥፉ ዝነበሩ ዋኒንተኛታት፡ ኑቶም ናይ ማእለማ ክእለት ዝነበሮም ሰራሕተኛታት ገዲፎም በተን ሓደስቲ ናይ ማእለማ ማሽናት ትሑት ክእለት ዝነበሮም ኦፐሬተራትን ክሰርሑ ምስ ጀመሩ ግና እቶም



ክኢላታት ኣለምቲ ናብቲ ፋብሪካታት ጸሊቖም እናኣተዉ ንዝተፈላለየ ክፋል ናይተን መእለሚ ማሽን ክድስቁዎን ከዕንውዎን ጀመሩ። ንገዛእርእሶም ድማ ሉዲተኛታት ዝብል ስም ኣጠመቑዎ። እዚ ስም፡ ኑቲ ኣብ 1779 ንሓንቲ ናይ ዓለባ መሳርሒ ሓምሺሹ ተባሂሉ ዝውረየሉ መንእሰይ ተዓላሚ ማእለማ ዝኾነ ነድ ሉድ ስዒቡ ዝተዋህበ እዩ። እንተኾነ ነድ ሉድ ዝበሃል ማሽን ዝሓምሸሸ መንእሰይ ከምዝነበረ ዘረጋግጽ ጭብጢ ኣይተረኸበን፣ ልክዕ ከም ናይ ሮቢን ሁድ።

እቶም ተቓወምቲ ግና ካብ ጀነራል ኑድ ትእዛዝ ከምዝቕበሉ ኣወጁ። ብስሙ ከኣ ማኒፌስቶን መፈራርሒ ደብዳበታትን ኣውጽኡ። ፈላሚት ማሽን ናይ ምድርዓም ፍጻመ ድማ ኣብ 1811 ኣብ ኖቲንግሃም ተኻየደት። እቲ ተግባር ከኣ ብቐልጣፊ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ለሓመ። እቶም ማሽን ዝድርዕሙ ሉዲተኛታት ንፋብሪካታት ኣጥቂዖም ኣቃጸሉን። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ከኣ ኩባንያታት ምስ ዝሕልው ዋርድያን ወተሃደራትን ተኹሲ ተለዋወጡ። እቶም ሸቃሎ፡ እቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ መጥቃዕቲ ሰብ ዋኒን ሓደስትን ክቡራትን ማሽናት ካብ ምትካል ክገትእም'ዩ ዝብል ተስፋ ነበሮም። እንተኾነ ኣይተዓወቱን። መንግስቲ እንግሊዝ ኑቲ ምልዕዓል ክድርዕም ተበገሰ። ማሽን ምድርዓም ብሞት ዘቕጽዕ ተግባር ክኸውን ድማ ወሰነ። ኣብ ሚያዝያ 1812፡ ሒደት ሉዲተኛታት ብብረት ምስ ወደቑ እቲ ምልዕዓል ኣብ ጥርዚ በጽሐ። ኑቲ ኩነታት ንምፍታሕ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰራዊት ዝሓቑፈ ሓይሊ ናይ'ቶም ሉዲተኛታት ንዝርኹብዎ ቦታ ከምዝኸብዎ ተገብረ። ቀጺሉ፡ ናይ ማሕነቕቲ መቕጻዕትን ጥርዝያ ናብ ኣውስትራልያን ሰዓበ። መውዳእታኡ ከኣ እቲ ተቓውሞ ኣብ ውሽጢ ሒደት ዓመታት ተሳዕረ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ፍርሒ ተክኖሎጂ ናይ ዘለዎም ሰብት መግለጺ ኮይኑ ኣብ መዝገበ ቃላት ሰፊሩ ኣሎ።

እዞም ናይ 18 ዘመን ሉዲተኛታት ግና ዕውር ጽልኢ ተክኖሎጂ ዘንቀሎ ፍርሒ ጥራይ ኣይኮነን ናብቲ ተግባር መሪሕዎም። እንታይ ደኣ? እቲ ኣብ ንኣሽቱ ቤት-ዕዮኦም ኮይኖም ዘፍርይዎ ዝነበሩ ውጽኢት ማእለማን ዓለባን ምስቲ ኣብ ፋብሪካ ብብዝሒ ዝፈሪ ዝነበረ ክወዳደር ስለዘይከኣለ፡ እቶቶም ብእኡ ኣቢሉ ድማ ናብራኦም ናብ ሓደጋ ስለዝኣተወ'ዩ። ኣብተን ፋብሪካታት ከይሰርሑ ድማ ህላወ ናይተን ማሽን ንብዝሒ ናይቲ ዓያዩ ጉልበት ስለዘንከ ክቑጸሩ ኣይከኣሉን። እዚ ብመንጽር ኣፍራይነት ክርአ እንከሎ ኣርባሒ'ዩ። እቲ ኣሻማዊ ዝኾነ ጉዳይ ግና እቲ ረብሓ ንመን'ዩ ከምኡ'ውን ብመንጽሩ ዝኽስር ከ መን'ዩ ዝብል'ዩ። በዚ ከኣ ተቓውሞኦም ኣንጻር ናይቲ ብሒደት ሰብ ዋኒን ዝምዕብል ዝነበረ ሃብቲ ናይ ምግሓጥ ሜላ፡ ምጽናዕ ቁጽጽርን ምብሓት ስልጣንን ምንባሩ ይግለጽ። እዚ ምልዕዓል ሽዱሽተ ዓመት ቅድሚ ምውላድ ካርል ማርክስ ዝተኸስተ'ዩ። እንተኾነ ሓደ ካብ ኣርእስትታት ካርል ማርክስ ምኳኑ ኣይተረፈን። ኑቲ ኩነት ከኣ ግጭት ኣብ መንጎ ሰራሕተኛን ማሽንን ብምባል ይገልጾ። መልእኽቱ ድማ፡ ሉዲተኛታት ምልዕዓሎም ኣንጻር እተን ማሽን ዘይኮነ ኣንጻር ኑቲ ርእሰማላዊ ኣገባብ ምፍራይ ዝቕልሱ ዝነበሩ ሰብርእሰማል ክኸውን ነበረ። እቶም ርእሰማላውያን ይኹኑ ኑቲ ስርዓት ዝድግፉ ሰብት ግና ኑቶም ሉዲተኛታት፡ ከም ሃካያት፡ ለውጢ ዘይቕበሉ፡ ሓድሽ ክእለት ከጥርዩ ተበግሶ ክወስዱ ወኒ ዘይብሎም ብምባል እዮም ዝገልጽዎም። እታ ሓጻር ምኽርም ድማ ሓድሽ ክእለት ክመሃሩን ክእለቶም ከዕብዩ ወይ ከማዕብሉን'ዩ።

ኣብዚ ሎሚ ዓለም ብዲጂታላዊ ተክኖሎጂ ትሕምበብ ኣላ ዝበሃል እዋን ንፋሰን መንፈሰን ናይዚ ኣብ 18 ዘመን ዝተኸስተ ኩነት ኣሎዶ? እዚ ብሰብ-ሰርሖ ወይ ዝተማህዘ ብልሒ ክግለጽ ዝከኣል 'ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ' (AI) ኣፍራይነት ዘዕቢ ጥራይ ድዩ ወይስ ሓደስቲ ሉዲተኛታት ዝፈጥር እዩ? እቲ ተኽእሎ እንተሃልዩ፡ እቶም ሉዲተኛታት ካብ ኣየናይ ደርቢ እዮም ክኾኑ? ድሮ ክለዓሉ ጀሚሮም ካብ ዘለዉ ሕቶታት ናይዚ እዋንን ተክኖሎጅያዊ ውጽኢቱን እዮም።

**ይቕጽል**

# መንፈስ ስርሒት ፈንቅል፡ ፍቕያ ባሕሪ ኤርትራ

ሱልጣን መሓመድሰዒድ ዑመር

ቀይሕ ባሕሪ ንኣማኢት ዓመታት፡ ንክውኑንት ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዝቖረጸ ማያዊ ክፋል እዩ፡ እዚ ስትራተጂያዊ ማያዊ ክፋል ዓለምና ዝኾነ ባሕሪ ምስ ኤርትራን ህዝባን ኪንጾ ጂኦግራፍያዊ ዶብ ዝሰይድ፡ ስግረ-ባህርያዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ። ስለዝኾነ ከኣ እዩ እዚ እምንዙብርናዕ ኤርትራ ዝኾነ ባሕሪ፡ ማስመር ህይወት፡ ቀንዲ መኣዘን ታሪኽ ከምኡ'ውን መበቆል ኤርትራዊ ህዝባዊ መንነት ክኸውን ዝኸኣለ።

እዚ ብተፈጥሮ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዝለገበን ዝተዋሰበን ህዝቢ፡ ናይ ዘመናት ዛንታኡ፡ ብጽንዓትን ዘይተንበርከኸነትን ዝተመልአ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ማሳል ርእሱውሳኑ ናይ ምሕላው መብጽዓ ምስ ተጠልመ፡ ህላውኡ ከረጋግጽን ማሰሉ ክመልስን ኣብ ኣኽራናትን ቁጠቛጥን ተዓቚቡ ክቃለስ እዩ ተገዲዱ። ምኽንያቱ እቲ ብበሃሪ ዝተዓደሎ ጸጋ መሬትን ገምገም ቀይሕ ባሕርን ዝመቕሕ ሰንሰለት ስለ ዝኾነ።

## ስርሒት ፈንቅል ከም ሓጹርን በሪ መላእ ሓርነትን

ክሳዕ ወርሒ ለካቲት ናይ 1990፡ ስትራተጂያዊት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ እቲ ንመሬትን ባሕርን ኤርትራ ገቢጡ ተቖጻጺሩ ዝነበረ መግዛእታዊ ሓይሊ ጸላኢ፡ ምስ ዓለም ዝተኣሳሰረላን ዝራኸበላን ዝነበረት ዕርዱን ማእከሉን እያ ዝነበረት። ኮታስ ዕምሪ መግዛእቲ ክነውሕ እተሳሲ ከተማ እያ ነይራ። ስለዚ ድማ'ዩ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ከይተቖጻጸርካ ዝርከብ ሓርነት ምሉእ ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡ ካብ ዝብል ውዱዕ እምነት፡ ድሕሪ'ቲ ናይ 1977 ፈተነ፡ ደጊሙ ውጥን ዘርቀቐ። እቲ ውጥን፡ ነታ ኪንጾ ተራ ከተማ ኣገዳሲነት ዝነበራ፡ ምስልን ነጸብራቕን መጻኢ ዝኾነት ምጽዋዕ ሓራ ንምውጻእ ዝንቀደ እዩ ዝነበረ። ነዚ ንምዕዋት ድማ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ገባቲ ሓይሊ ካብ ሰሩ ንምምሓውን ዕምሪ መግዛእቲ ንምሕጻርን፡ ፈንቅል ዝተሰምየ፡ ብረቂቕ ስትራተጂ ኩናት ዝተደገፈ ወተሃደራዊ ስርሒት - ሓንጸጸ። ትርጉምን ኣገዳስነትን እቲ ክውንነታዊ ስእሊ ዝቐየሰ ስርሒት።

ህዝብታት ኣብ ጽንክር ኩነታት'ዮም ብዝበለጸ ዝፍተኑ፣ ሽዑ'ዩ እቲ ሓቀኛ ባህርያቶምን ብቕዓቶምን ዝነጥር። ብቕዓት ወይ ዘይብቕዓት ከኣ ኣብ ሚዛን ታሪኽ ይዕቀር። ስርሒት ፈንቅል ድማ ከም ሓደ ውዱእ ኣብነት ናይዚ መዐቀኒ ኮይኑ የገልግል። ወጽኢት ናይቲ ውዕሎ፡ ርዝነት ኤርትራውያን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዝተሓላለኸ ስርሒት፡ ብደሙቕ ቀለም ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ሓሊፉ ኣሎ።

"እዞም ሽፋቱ (ንኤርትራውያን ተቓለስቲ ምኻኖም እዩ) እንታይ ከይገብሩ፡ ኣብይ ከይበጽሑ፡" ዝብል ግጉይ ቀመር ጸላኢ፡ ክሳዕ ምጽኣት ዓለም ኤርትራዊ ንልኡላውነት ሃገሩን ዝተኣዘገ መሰሉን ንምሕላው ዘንተእለት ብቑዕ ምኽኑ፡ እተን ተወርዋረን ዝተሃሞኻ ፍላጺታት ምስክር እየን። እቲ ንሰውራ ኤርትራ ኣንጻር መገዲ ውሕጅ በርኹ ብምውጻእ ከም ዝዕወት ዝገበረ ዝሓየለ ዕጥቂ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተቐየረን። ምሕር ድልየ ሓርነት ምስናይ ሓያል እምነት፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ንማሰሉ ክቡል ብራኽ ኣኽራናት ከይገደሶ እሾኽን ቈጥቋጥን ተተርኢሱ፡ ኣብ ጥራሕ ዝኾኑ ልብሲ. ቀርን ሃሩርን ክኸድኑ ኩነታቱ ከይዓጠጦ፡ ናብቲ ዘለ ግን ከኣ ክህልዎ ዝደሊ መጻኢ ክሰጉም ሓይሊ ዝኾነ ፍሉይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ክብርታት'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ናይ ርእሱውሳኑ ማሰሉ ከውሕስ ዝጀመሮ ሰውራ፡ ካብ ዝተጀመረሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ እቲ ቀንዲ ኣጸዋሩ ሓያል ድሌትን እምነትን እኳ እንተ ነበረ ናይ ስርሒት ፈንቅል ግን ፍልይ ዝበለ እዩ። እቲ ስርሒት፡ ነቲ "እምነት ንብቕዓት ይመርሖ'ዩ፡ ብቕዓት ከኣ ብእምነት ይብርኽ" ዝብል ግዜ ዘይሰዕሮ ኣበሃህላ ብግብሪ ዘማስከረ፡ ሰብ እንተኣሚኑ እምበ'ውን ከንቀሳቐስ ከም ዝኽእል ዘርኣየ ሳሕቲ ዘጋጥም ክስተት እዩ። ኤርትራዊ እንተኣሚኑ ዘመን ክቕይር ከም ዝኽእል፡ ብመገዲ ፈንቅል ኣብሉ እዩ ኣዊጁ ዓለም ከፊቱ። ህዝባዊ ግንባር ብዘለዓለ ደረጃ ውዳበን ንቕሓትን ኣብሉ ነቲ ጸለም ዘመን መግዛእቲ ናብ ብርሃን ሓርነት እዩ ቀይርዎ። እዚ ዘኽኣለ ሓይሊ ግን ንዋታዊ ዘይኮነ፡ እቲ ካብ ውዕወዕ ድሌት ሓርነት ዝተወልደ መንፈሳዊ ሓይሊ እዩ ነይሩ።

### ጥበብ ኩናት፡ መርኣያ ስሕለት

ህዝባዊ ግንባር፡ ስርሒት ፈንቅል ንምዕዋት ክሳብ ምዕራብ ኢትዮጵያ፡ ክፍለ ሃገር ወለጋ ደያሙ ኣጥፊኡ ብምጉዓዝ ንዘተመንጠለ ሃንደበትነት ብኮልእ ሃንደበትነት ንምምንጣል ዘኽኣለ በርቃዊ መጥቃዕቲ ኣሶሳ እዩ ፈጺሙ። ስለዚ ከኣ እዩ እዚ ሰፊሕ ግንባራት ብዘጠቓለለ መጥቃዕቲ ዝተፈጸመ ፍሉይ ጥበብ ቅዲ ኩናት ንዓለም ዘስተማሃረ መዳርግቲ ኣልቦ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ጥራይ ዝተኻየደ ስርሒት ኣይነበረን ዝበሃል።

ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ምስቲ ዝመቕሕ ሰንሰለት ኮይኑዎም ዝነበረ ገምገም ባሕርን ንኡ ገቢጡ ተቖጻጺሩ ዝነበረ ጸላእን ኣብ መሬትን ባሕርን እዮም ተዋጊኦም። እቲ ኣዝዩ ንኡስ ዕጥቂ ዝነበሮ ኣሃዱ ባሕርያ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ልዕሊ ኣፍሲ ወከፍ ዝሰገር ዝነበረ ማዕበል ጽንዓት እናኣንጸባረቐ ብተራ ንመግፈፊ ዓሳ ዝገልግላ ፈጣናት ጀላቡ እዩ ነቲ ግዙፍ ናይ ጸላኢ ሓይሊ ባሕሪ ሕቑኡ ሰቢሩዎ። እቲ ናይ 39 ዓመታት ዕድመ ዝነበሮ ሓይሊ ባሕሪ ናይታ ማያ ክትሰቲ ዘይትኽእል 'ኢትዮጵያ' በቲ ካብ 4 ወርሒ ዘይነውሕ ግዜ ዝሰልጠነ ንእሽቶን ብጥበእ ዘይዓጠቐን ኣሃዱ ባሕርያ ህዝባዊ ግንባር፡ ብቐጸበት ተደምሰሰ። ኣጋር ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር'ውን ዘይምሕር መጥቃዕቲ ብመሬት ብምኽፋት፡ እምቢታ ንመግዛእቲ ብዝመልከት ትብዓት ነቲ ብበደነት ኣጸዋርን ሸቶ ሰራዊትን ተሰንዩ ደምሲ. ህዝቢ ኤርትራ ክዓብስ ዝንቀደ ተሃንዳዲ ሓይሊ ጸላኢ. ደማ ንድሌት ህዝቢ ኤርትራ ፍጹም ክስዕሮ ብዘይ ምኽኣሉ፡ እታ ንገብጣ ህዝቢ ኤርትራ ዞባሲ. ወተሃደራዊ ሓገዛትን ኣጸዋራትን ተኣንግድ ዝነበረት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ፡ ደገም ንህዝቢ ኤርትራ መቓሕ ካብ ምኻን ሓንገደት፣ እቲ ዝኣሕልሐ መግዛእታዊ ሰንሰለት ድማ ተበትከ፡ እታ ባሕሪ ዝኾነ ታሪኽ ዝጸረትን መዋእል መግዛእቲ ዝፈንቀለትን ወደባዊት ከተማና - ምጽዋዕ ምሉእ ንሓስ ሓርነት ሃፊሱ።



ግዙፍ ሓይሊ ዝነበሮ ሰራዊት ኢትዮጵያ ነርያ ነበረ ገይሩዎ።

እቲ ውግእ፡ ኣዝዩ ከቢድን ሓያልን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ እቲ ኣብኡ ዝተኻዕወ ኣጸዋር'ውን ዘይተኣደነ ነበረ። ኣብ ለካቲት 1990 ግና፡ ድሕሪ'ቲ መዓልታት ዝወሰደ ጽዑቕ ኩናት ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ደሴታት ዳህላክ ምሉእ ብምሉእ ሓራ ወጸ። ጥንፈራ ህዝባዊ ግንባር፡ ማዕበል እቲ ባሕሪ ብዘልዓሎ ንፋስ ዳግማይ ኣብ ልዕሊ. ቀይሕ ባሕሪ ተወዛወዘት። እቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ስርሒት ፈንቅል ኣንጸባሪቑ ዓወት ዝሓፈሱ ዝተራቐቐን ፍሉይ ክውንነት ክፈጥር ዝኽእልን ኣጸዋራት ስለ ዝጸጠቐ ኣይኮነን። ሳላ'ቲ መንፈሱ ኣብርኺ፡ ህይወቱ መኪኑ ብሓይሊ ኣሚኑሉ ንዘለዎ ከም ዘለዎ ዝተቐበሉ ሓደት ግን ከኣ ተራብሐ ዝቐጸሩ ተጋዳላይ ደኣ እምበር። እቲ ተጋዳላይ ዝጸጠቐ ተራ ዕጥቂ ግን ክውንነት ክቕይር ከኣለ፡ ምኽንያቱ እቲ ንዕጥቂ ዕጥቂ ዝኾነ፡ እቲ ዓጣቒኡ ስለ ዝኾነ።

ባሕሪ ኤርትራ ክምንዝዑ ክደናደኑ እንከለው፡ በቲ "ኤርትራ፡ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዝብል መርሖኦም፡ ኣጸናፊ ተግባራቶም እንክስሳሰሉ፡ ነቲ ግዚያዊ ዝመሰሎም መንፈስ ህዝቢ ኤርትራ ኣቕዲሞም ክስዕሩ እዮም ኣንቂዶም ተበጊሶም። ብኣንጻር መደብኦም፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝያዳ ተጠርኒፉ፡ መንፈሱ ኣሐየለ። ስለዝኾነ ከኣ እዩ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ብዘይሕለል ጽንዓት ዝረኸቦ ውርሻ፡ ወትሩ ከም ዘይጉድኣን ፈጺሙ ዘይስበርን ድርዒ



### እቲ ተባዕ መልእኽቲ

ፈንቅል፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኸፍለ ዋጋን ዝተረኽበ ዓወትን ብቐጻሊ ዘዘኻኽር ስርሒት እዩ፡ ኣብ ዋዜማ ዓወት ስርሒት ፈንቅል፡ ቀይሕ ባሕሪ ብደምን ማሰዋእትን ዝተኸፍለ ዕዳ እንተነይሩ፡ ሎሚ ግን ብዘይንቕነቕ ድሌት ዝሕሎ ሃገራዊ ውርሻ እዩ፡ እቲ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ዝተራእየ ጽንዓት፡ ነቲ ገባቲ ሓይሊ ንምስዓግ ዕላማ ሓዚሉ ኣብ ዓውደ ውግእ ንምዕዋት ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀዋሚ ክውንነት ንምፍጣር ደኣ እምበር።

እዮም ሓለዋቲ ትግሊ ንምምዝም ሓጺን ኮይኑ ከም ዝቕልቀል ዝኑበሮ። እዚ ክውንነት'ዚ ድማ፡ ንኸሎም ዓይኖም ናብዚ ገምገም ዘልእኩ፡ ናይ መውዳእታን ዘይልወጥን ሓቂ ኮይኑ የገልግል፡ ቀይሕ ባሕሪ ታሪኻዊ ዘይንጹርነት ኣይኮነን፡ ናይ ሕልሚ ቅብኣ መጻኢ'ውን ኣይኮነን።

ህዝቢ ኤርትራ በቲ ናብ ዓወት ስርሒት ፈንቅል ዘብጽሐ ናይ ሰለስተ ዕቑድ ቃልሲ ኣብሉ፡ ነቲ ከም ማሰሉ ብሰላማዊ ኣገባብ ክረኽቦ ዘይክኣለ ፍትሒ ብጉዘእ ቅልጽሙ እዩ ተገናጺፍዎ። ከም ወጽኢቱ ድማ እዩ ንኤርትራዊ ክውንነት ንዘልኣለም ርግጹ ዝገበሮ። እዮም እዚ ዓንዲ ወርቂ ዝኾነ ክውንነት ክስወጦም ዘይክኣሉ፡ ናብ ባሕሪ ምብጻሕ ብዝብል ሃለፍታዊ ሕማም ዝተለኽፉ ልሂቃን፡ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንዘተ ክፉት ከም ዘይኮነ ዝገበረ ጽንዓት ትማሊ፡ እቲ ሕጅን ንሓዋሩን ዝሰኣኽለሉ ዘይሕለል ሓይሊ ምኽኑ እቲ ክውሕጥዎ ዘለዎም መሪር ሓቂ እዩ።

ንሶም እዚ ሓቒ'ዚ ብምርሳዕ፡ ኻናሽዕ ዘንባህቖ ተሰፋ ኣልቦ ድማ - ምስቲ ንዝጺያዊት ግዝኣቶም ሰቢሩ፡ ብጣይ ጨው፡ ደምን ማሰዋእትን ደቡ ዝሓጸረ ድርዒ ሓጺን ምምራጊው እንታይ ሳዕቤን ከም ዘኸትል እኹል መዘኻኸሪ ታሪኽ ኣለኩም፡ ንዕኡ ተወከሱ ምባል ጥራይ እዩ ዘድሊ።

ይቕጽል . . .



ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ጫፍ ናይ'ቲ ክብታ

**ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)**

ህዝቢ ኤርትራ ብብዙሕ ሸነኽ ዝያዳ ኸኣ በቲ ዝውንኖ ረቂቕ ሓይሊ፡ "ናይ ክብታ ሓይሊ ኣጥርዩ ኣሎ" ምባል ምግናን ኣይኮነን። ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ልዑል ተጻዋርነትን ዘይሕንኩኽ ተጸማምነትን ወኒኑ ይርከብ። ህዝቢ ኤርትራ ትእምርቲ ተጻዋርነት እዩ!

ሰብ ዝኽእሎ እዩ ዝስከም። ሚዛን ዓቕሙ እዩ ዘልዕል። ነቲ ዝጽመሞ ደረጃ ጥራይ እዩ ዝጻወር። ልዕሊ ንቡር ዝጸውር እንግድዓ ውዒሉ ሓዲሩ ይግዳዕ እዩ። 'ረማዕ' ኢሉ ይወድቕ። ከቢድ ሳዕቤን የጓንፎ። ንኹሉ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ኣለዎ። ነቲ ሕንጻጽ እቲ ክትሓልፍ ዝክኣል ኣይኮነን። እዚ ቀቡልን ባህርያውን ሓቂ እዩ። ስርዓተ ሚዛን ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ ነዚ ኣምር እዩ ዘድምቕ። በንጻር ናይዚ እሙን ሓሳባት ዝኸይድ ሓቅታት ግን ኣይስኣንን እዩ፡ ከም ህዝቢ ኤርትራ!

ጸዋር፡ ክቡድ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክንዲ ዝተሰከመ ተሰኪሙ ዓንዲ ሕቖኡ ኣይሰበርን። ጾር ኣብ ልዕሊ ጾር እናተደረቦ ሰንከልከል ኣይብልን። በንጻሩ ንቕድሚት እናጠመተ፡ ጎልጎል ሰንጢቑ ጉዕዞ ዓቐብ ይቕጽል። ምስ ምንዋሕ መገድን ምኽራር ግድልን፡ ሕልናኡን ተስፍኡን ሓይሉን ተጻዋርነቱን ኣይጽንቅቕን። ግዜ ብዝኸደን መድረኽ ብዝተረረን መሊሱ ይጸንዕን ይተርርን። እዚ ውሑድ ኣብነት እዚ፡ መሬት ዝተንከፈን ኩሉ ዝቕበሎን እሙን ውዕሉ እዩ።

ነዚ ሓቅታት ክዉን ዝገብር ዘሎ ምስጢር እንታይ እዩ? ካበይ እዩ ዝምንጩ? ብኸመይ ከ እዩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰግር ኣሎ? ስለምንታይ ታሪኽ ጽንዓት ብዘይጎደሎን እናወሰኸን ዝቕጽል ዘሎ?" ዝብል ሕቶ ክልዓል ይኽእል ይኸውን እዩ። መልሱ ግን ዘይምለስ ሕቶ እዩ ዝኸውን። መጽሓፍ ታሪኽ ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ነዚ ሓቅታት እዩ ዝትርኽልና።

ነቲ ኣዝዩ ዝጠንተወ ታሪኽ ሕብረተሰብ ኤርትራ ገዲፍካ ካብ እዋን ባሕረ ነገስታት ነነጆ ዝነበረ ናይ መኸተ ታሪኽ ንሓይሊ ዘጉልሕ ስእሊ ክህበና ይኽእል እዩ። ንሕብረተሰብ ኤርትራ ባህርያውን ሰብ ኣምጽኦን ሓደጋታት ኣይተጋደፎን። ንኹሉ ብጽንዓትን ተጻዋርነትን ሰጊሩዎ።

ወናኒት ሰፊሕ ኣፍደገ ባሕርን ስትራተጂያዊ መስመርን ዝኾነት ኤርትራ ቈላሕታ ዓይኒ መስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ኣይተፈለያን። ክፍለያ'ውን ትጽቢት ኣይግበርን። መሬታን ባሕራን ደልዩ ዝመጽእ ገዛኢ ሓይሊ ግን ሓይሉ ጸንቂቑ ንቕድሚት ክሃድም ድኣ እምበር ንህዝቢ ኤርትራ ከንበርኽ ኣይክኣለን።



ኦቶማን ኢምፓየር፡ ኣብ ኤርትራ ተሪር መሰረት ሃኒጹ ከም ድላዩን ብድላዩን ክገዝእ ዘተኸተሎ ኣዝዩ ጨካን ሜላ እዩ ኔሩ። ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ነቲ ኣደራዕ ተጻዊሩ ነቲ ቀሉዕን ስዉርን ውግእ ክምክቶ እምበር፡ ክቑዝምን ዘርባዕባዕ ክብል ኣይተራእየን። ንግብጺ ስዒቡ እግሩ ዘንበረ እሞ መግዛእታዊ ሕልሙ ንምፍታሕ ኩሉ ዓይነት ሜላታት ዝተኸተለ ጥልያን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብሓፈሻ ንመራሕቲ መኸተ ከኣ ብፍላይ ዘውረዶ ግፍዒ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ፈቕዳ በዓትታትን ደሴታትን ማሕዩር ደኩኑ ንህዝቢ ኤርትራ ከስግዶ ሃቂኑ። እንተኾነ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ብሓይልታት ኪዳን ተሳዒሩ ካብ ኤርትራ ዝወጸላ እዩ ተመኪቱ።

ምምሕዳር ዓባይ ብሪጣንያ ነዚ ውሑድ ምእኩትን ህዝቢ ብኹሉ ሸርሕን ሓይልን ኣድቂቑ ክሕቕቖ ዘይመሃዞ ሸርሒ ኣይነበረን። ብሓይልን ዓሎቑን ናጽነቱ ገፊፉ ክሰናጥቖ ኣይክኣለን። ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ተቓውሞ ገጢምዎ። ህዝቢ ኤርትራ ንምምሕዳር ብሪጣንያ ጠላሚ መብጽዓ እናበለ ከይቀዘመ ነቲ ከፋፊሉ ዝገዝእ ሸርሒታቱ ብስኒትን ሓድነትን እዩ ኣምኪንዎ።

ንጉስ ሃይለ ስላሰ ብባርኾት ጻዕዳ ገዛ ኣመሪካን ብሪጣንያን ክገዝእ ዘይፈጸሞ በደል ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ዘይጸዓድን ዘይሰዓርን ሕብረተሰብ ምኳኑ ብግብሪ ምስ ኣርኣዩ ሃብቲ ራስዩ ዓድታታትን ኣቃጺሉ። ለባማትን ሊቃውንቲ ኣሕቂቑ መንእሰያትን ተካእትን ኣጽኒቱ ግን ብዘይፍረ ተሪፉ።

ካብ ስዉር ፖለቲካዊ ቃልሲ ናብ ዕጥቂ ዝሰገረ ሰውራ ኤርትራ፡ ንሃብታም ባህሊ ተጻዋርነትን መኸተን ናብ ዝለዓለ ደረጃ እዩ ሰቒልዎ። ንቕጽሪ ናብ ዓይነት እናቐጸለ ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ብጽንዓትን ተበጃውነትን ቀይሩ ናብ ምዕራፍ መሪሕዎ። ህዝባዊ ግንባር'ውን ብኣዝዩ በሊሕ መላጸ ሓሊፉ- ሸግ ናጽነት ወሊዑ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ሰላሳ ዓመት ዝደፍአ ዕድመ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኩሉ ዓይነት ጾር ተሰኪሙ ምዕይ ኣይበለን። ገዛእቲ ቤቱ ንብረቱን ኣቃጺሎም ተስፍኡ ኣየሕረሩሉን። ሰንሰለት ቤት ማእሰርቲ ሰግኡ እምበር ንመንፈሱ ኣይገፈፎን። ብተመልከተለይ ዝተቐትለ ህዝቢ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ብርሃን እምነቱ ኣየደብዘዘን። ከም እምነቱን መኸትኡን'ውን ብገዛእ ሓይሉ ነታ ሓንሳብ ተሰቒላ ዘይትወርድ ሰንደቕ ዕላማ ሰቒሉ።

ድሕሪ ሓርነት እቲ ዝሓየለ ገድሊ ዝተኣትወሉ ምዕራፍ መኸተ እዩ ተጻሒፉ። ብዝተወደበ መልክዕ መንነት ህዝቢ ንምሕጻብ ዝተኻየደ ተንኮልን ዝተኣልመ ሸርሕን መወዳእታ ኣይነበሮን። ብዘይካ እቲ ቀሉዕን መጠነ ሰፊሕ ሰለስተ ወራራት፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣዝዩ ብዙሓትን ረቀቕትን ኩናት እዩ ኣፍሺሉ።

እቲ ትማሊ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ምስቲ ብኹሉ መስፈሪታት ዘይዳርጉን ናይ ዓለም ሓይልታት ብምሉእ ደገፍ ክሳብ ዓንቀሩ ዝሰነቐ ሓይሊ ዝገጠመን፡ ንሓይሉ ኣራቢሑ ብልዑል ውዳበ ህዝቢ ኣስሚሩ ዝተዓወተ ህዝባዊ ግንባር ተመክሮታቱን ናይ ቃልሲ ሜታቱን ክብ ከብሎ እዩ ተራእዩ። መስመር ሓቂ ሒዙ እናተጓዕዘ ንሃገራዊ ክብረት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተወን ንኹሉ ሕቡእን ቀሉዕን ሸርሒታት ከይሰንበደ፡ ዕርፊ ኣጽኒዑ ክጓዓዝ እዩ ተራእዩ። እዚ'ውን ነቲ ክብታ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ሰቒልዎ እዩ። ተኸቢቡ ኢዱ ኣይሃበን። ተኣጊዱ ክብረቱ ኣይሸጠን። ኣብ መጻብብ ብልሒ እናፈጠረ ሓያል ወለዶ ሃኒጹ።

ከየባተኸን ከይተበትከን ጉዕዞኡ ዝቕጽል ዘሎ ወለዶ ኤርትራ፡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ እዛ ሃገር ዋልታን ድርዕን ኮይኑ እዩ ሰሪሑን ዘርሕን ዘሎ። ኣንጻር ኩሉ ማዕበላት እናገጠመ ንኤርትራን ክብራን ክልተ ሰለስተ ግዜ ተፈጢሩ ሰለስተ ግዜ ክሰዋእ ምዕይ ዘይብል ፍጡር ምኳኑ ኣመስኪሩ። ገዛእ ርእሱ ረሲዑ፡ ልዑላውነቱ ንምውሓስን ክብረቱ ንምዕቃብ መግለጺ ዘይርከቦ ጽንዓት የመስክር ኣሎ። እዚ ሓይሊ እዚ ህያብ ኣይኮነን። ውርሻ እዩ። ንሱ ከኣ እዩ እቲ ሓይሊ። ንሱ እዩ እቲ ዘይምለስ ሕቶን ዘይፍታሕን ምስጢር፡ ማንም ዘይበጽሖ ጫፍ ናይቲ ክብታ!

*መጽሔት መንእሰይ ቍ.84*

---

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ዘይምሕላል

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ'ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቅድሚ ንባብ ምቕጻልካ'ባ ንእሽተይ ሕሰብ!

"መን'ሞ ክህበኒ?" ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። "ግዜ" ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብተን ናይ መዓልቲ መቑንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኦን ክትጥቀም ኣይከኣልን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ'ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቑንን እንተ ደለኻ'ውን ክትረኽቦ ኣይከኣልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ'ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፣ ካብ ናትካ'ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ፣ ኣኸለ።

ከምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እተውዕሎ ትሓስበሉን ትውስነሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እትሕልፎ'ውን ክትሓስበሉን ክትውስነሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዘን ናይ መዓልቲ ብጽሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።

**ሱራፌል ተ.**

### እቲ ወሓለ ነዳቓይ...

ኣመና ክኢላ ነዳቓይ ነበረ። ንንዊሕ ዓመት ከኣ ምስ ሓደ ኮንትራክተር ብተወፋይነት ሰርሐ። "ሕጂስ ይእኽለኒ፡" ብምባል ስራሕ ደው ከብል ምኳኑ ንኣስራሒኡ ሓበሮ።

ኣስራሒኡ ብወሳነ እቲ ብኽእለቱን እምነቱን መዛና ዘይረኽበሉ መሳርሕቱ ሳሕ ገዲፉ ኮፍ ክብል ምውሳና ሕማቕ ተሰመዖ። "በል ናይ መወዳእታ ሓንቲ ገዛ ንስራሕ፡" ብምባል ለሚኑ ሕራይ ኣበሎ።

ክኢላ ነዳቓይ፡ ወኑን ንያቱን ኣጥፍአ። ናይ መወዳእታ ዝህንጻ ገዛ ኣይሰሓበቶን። እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ጥበቡ ጠፈአ። ብዕሩብ ሕልና ነታ ገዛ ሰሪሑ ወደአ። ናብ ዓምኡ ብምኻድ "ተወዲኣ ኣላ፡" በሎ።

እቲ ኣስርሒ ናብታ ዝተሰርሐት ገዛ መጽአ። እቲ እሙን ነዳቓይ ከኣ ክርእያ ዓደሞ። እቲ ኣስራሒ ግን ክርእያ ኣይተሃወኸን። ናይ ዋንነት ሰነድ ዝሓዘ ወረቐትን መፍትሕን ነቲ ነዳቓይ ኣብ ኢዱ እናሃበ፡

"እዛ ገዛ ንዓኻ እያ። እቲ ብሓደ ዝሓለፍናዮ ዓመታት ዝገበርካዮ ኣበርክቶን፡ ክእለትካን ውሕልነትካን ርእየ እዛ ገዛ ከም ህያብ ክህበካ ወሲነ፡ " በሎ።

Inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ክፍላይ ጺጋይ ሃብተ ምባል ተረፉ፣ ክፍላይ ሃብተ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት የዕብዮ ገብረጻድቕ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ በርሀ ተስፋማርያም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ትብለጽ ገብሩ ኣርኣያ፡ ኣደይ ትዕግስቲ ክፍለዝጊ ዓንደገርጊስ ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እዮብ ዓንዳይ ክፍለእዝጊ ምባል ተረፉ፣ እዮብ ዓንደ ክፍለእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ካድራ ኢብራሂም ሓምድ፡ ስም ኣደይ ሓሊማ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፣ ሓሊማ መሓመድኪር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኮኾብ ሰለሙን ባይሩ፡ ብዓል ቤተይ መንግስ ተኽስተ ነማርያም ስለዝዘተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ለተገርግሽ ተኽሌ ኪዳነ፡ ብዓል ቤተይ ነጋሲ ሃይለሚካኤል ሃይለ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መseለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ጽገሃና ዑቕባገርጊስ ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ገብረእግዚኣብሄር ቀሺ ፍስሃየ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 8 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ወ/ሮ ሓረና ኪዳነ ሃብተ፡ ት/ዕድሎ ደቀይ ኣቦኦም ዘርኣጋብር ተኸሌ ጺጋይ ስለዝዋረረ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቱታ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፣ ፈተሓራሕማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ጸገ ተኽለይ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ሓደራ ስለዝዘተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳባ ኪዳነ ደልሞ፡ ኣቦና ኪዳነ ደልማ ሃብተሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ቅሳነት የሴፍ ገ/ሚካኤል፡ ስም ኣቦ ናይ ኣደይ ተክለሃይማኖት ምባል ተረፉ፣ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የኤል ኢሳቕ ምባል ተረፉ፣ ናትናኤል ኢሳቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጸሃይነሽ ኪዳነ ፍቓዱ፡ ተኸሳሲ ከሰተ ግርማይ ተላ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ማና ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ሳህልዝጊ ካሕሳይ ስለዝዘተሰወኣ፡ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣድያም ሰለሙን ወልደኪዳን ምባል ተረፉ፣ ፈሩዝ ሰለሙን ወልደኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓሊማ ኢብራሂም መሓመድ፡ ስም ወደይ ኢብራሂም ማሕሙድ ማሕሙድ ምባል ተረፉ፣ ኢብራሂም መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሚልዮን መንግስትኣብ ዘወልዲ ምባል ተረፉ፣ ተስፋት መንግስትኣብ ዘወልዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ኣቶ ግርማይ ዘርኡ በጋይ፡ ኣደይ ኣሰገደት ተኽለንከኤል ድራር ስለዝዋረረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ኣቦ ተስፋይ በየኑ፡ ብዕለት 24/12/2025 ዓ/ም ብዘተጸሓፈ መዋርስተይ ዝኾኑ ኣሕዋተይ 1 ጥፉእ ካልእ ሞት ስለ ዝኾኑ፣ ንሕና 3 ወረስቲ ናይ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ወ/ሮ የርሳሌም ገብረልኡል ዑቕባይ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማይ ተመናይ ዚፕ ኮድ 1A158 ፕሎት 10R ፓርሰል E ጎደና 158-28 ቁጽሪ ገዛ 30 ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM009697/1 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ንዱዳገት ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተገርግሽ ተወልደ ስለ ዝሸጥኩላ፣ ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ የርሳሌም ገብረልኡል ዑቕባይ

## ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ ናይ ብ.ማ. (ኤሪተል) ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝርከብ ናይ ቀዋሚን ተንቀሳቓስን መርበብ ተለፎናት 38 ኾቕጣታት ኣብ ወርሒ ሓደ እዋን ብመኪናኡን መሳርሒታቱን ምስ ሰራሕተኛታትን ጽሬት ዘካይድ ተወዳዳሪ ስለ ዝደለየ፡ ተወዳደርቲ ይዕድም።

1.ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ/.ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም።
2.ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤሪተል ዕድጊ (ከባቢ ፋብሪካ ኣልኮላዊ ማስተ ሬኒሊ) ቁጽሪ 3 ክወስዱ ይኽእሉ።
3.መኽበሪ ጨረታ10.000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብ CPO ከትሕዙ ኣለዎም።
4.ጨረታ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን12 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።
5.ጨረታ ዝኽፈተሉ፡ ድሕሪ ጨረታ ምዕጻው ኣብ ዘሎ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኤሪተል ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 11 ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ እዩ።
6.ኤሪተል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ ናይ ብ.ማ.(ኤሪተል)

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 743-5 ፕሎት 106 ፓርሰል F መለለዩ ንብረት ASD00002318 ብቑ.ንብረት 1BRASM016714/1 ዝፍለጥ ስፍሓት መሬት 243.10 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 1 ብስም ራሕማ ዓብደላ ዐሰማን ዝተመዝገበ ስለ ዝሸጥኩዎ ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ቤ/ጽ ኖታርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ብዘለኒ ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጽም ምኻነይ እሕብር።

ራሕማ ዓብደላ ዐሰማን

ብስም ጉሬቶ ሓ.ዝ.ብ.ማ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00037765 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ከረን ቁ.ገዛ 40 ዝርከብ ናይ መሸጣን መጸገንን ኤሌክትሮኒክስን ኤሌትሪካዊ ኣቑሑን ካሴት ምክራይን ምብዛሕን፣ ንወ/ሮ ጸጌሬዳ ገብረኣብ ተኽሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ድሕል ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/09/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣካያዲ ስራሕ፡ ኣሌክሳንደር ዘርኤጋብር

ኣመልካቲት ኣነ ኪዳን ኤልያስ፡ ብስም ብዓል ቤተይ ነፍስሄር ሙልጌታ መኮንን በዙበሁ፡ ቁ. ምስክር ወረቐት ዋንነት 113535 መወከሲ ቁጽሪ 135745.135746.117869 ዝተመዝገበ መንበሪ ኣባይቲ ኦርጅናል ሰነድ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ደልየ'ውን ስለዘይረኸብኩዎ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቴሌ 07332720 ክሕብር፣ እንተዘይተረኺቡ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ኮምሽን ኣባይቲ ኦርጅናል ሰነድ ከውጽእ ምኻነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ኪዳን ኤልያስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተጋ/ሚካኤል ገብረማርያም ስዩኣን፡ ብዋልቲ ቤተይ ተጋ/ምሕረት ገ/ገርዝሄር ዑቕቡ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ዘርኣይ ሰለሙን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ንገሰ ስሌሽ ንገሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሄለን ግርማይ ደብረጽዮን፡ ዊንታ ግርማይ ደብረጽዮን፡ ኣቤና ግርማይ ደብረጽዮን በረኸት ስለዝዓረፈ፡ ንሕና 2 ኣሕዋት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ኤፍሬም ረዘነ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲት ወጋሕታ ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ።እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ማናይን ሰመረ መለስ ምባል ተሪፉ፡ ኤልያስ ሰመረ መለስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ንጽህቲ የሴፍ ወልደኣብ፡ ስም ኣደይ ኣጽብሀት ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ኣኽበረት መብራህቱ ጳውሎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ዳዊት ኣምለሶም ባህታ፡ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ሳሊና ገብረብርሃን ወልደመንቆርዮስ፡ ናይ ስም ምስጋር መኪና ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ክርክር ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/በ/መሳል ኣማረሽ ወልደሚካኤል ወልዱ፡ ብፍ/በ/ዕዳ የውሃንስ ፍስሃየ ተስፋይ፡ ናይ ፈጸሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ለታይ ወልደኣምላኽ ተስፋጼን፡ ብዋል ቤተይ ዓንደ ተስፋስላሴ ወልደገብረኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፤ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ካሙኤል መልኣከ ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ካምኤል መልኣከ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰምሃር ገብረሚካኤል መንግስቱ፡ ስም ኣደይ ለተትንሳኤ መንግስቱ ምባል ተሪፉ፡ ኑብያት ሃብተዝጊ ገብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ ሳይሞን ኣብርሃም ውሬታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ውሬታ፡ ንሲቪል ዝምልከት ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሰናይት ሃብቱ በርሀ፡ ኣቡላጎይ ገብረማስቀል ገብረስላሴ ቀላቲ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ንዓቢየይ ነፍ/ሄር እዝጊሃርያ ገብረማስቀል ንወላዲተይ ነፍ/ሄር ለተስላሴ ገብረየውሃንስ ብምትካእ ምስ 3 መወትቲ ኣኮታተይን ሓትኳታተይን ምስ 5 መወትቲ ደቆም ብ20 ህሉዋት ደቂ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ክፍላይ ሃብተ ወልደማርያም፡ ኣደይ ሂወት ነጋሪኣብ ተስፋንድርያስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ፍጹም ተወልደ በራኺ፡ ወለድና ተወልደ በራኺን ሸዋ ክፍለን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ጸገሬዳ ሃይለ በርሀ፡ ኣቦይ ሃይለ በርሀ ሓድጉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኢክራም ይሕደጎ ዃሩር ምባል ተሪፉ፡ ኢክራም ሓጂ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተጸዋዒት ወ/ሮ ሄለን ኣስመላሽ ገብራይ፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ከበደሽ ገብረ ወልደስላሴ ንወህብቱ ምዝራዝ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ቴርሃም ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ንግስቲ መሓሪ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ርግበሰለሙን ብርሃ ከበደ ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ብርሃ ከበደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ቴድሮስ ተስፋስላሴ ናይዝጊ፡ ኣደይ ለተብርሃን ክብረኣብ ሃብቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣይዳ ሓጎስ ጎይትኦም፡ ኣደይ ቅዱሳን ጅሃድ በላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

---

ኣነ ወ/ሮ ለምለም የማን ግደይ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ዞባ 5 ምም/02 ጎደና– ቁ/ገዛ– ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ወረቐት 112927 መወከሲ ቁጽሪ 134948 ብስም ወለደይ ኣቶ የማን ግደይ ገብረመድህንን ወ/ሮ ልያ ኣብርሃም ወልዱን ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ስለዘሎ፡ ወለደይ ኣቶ የማን ግደይ ገብረመድህንን ወ/ሮ ልያ ኣብርሃም ወልዱን ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ቀሪቦም ብዕለት 21/1/2026 ብቑ/መዝ/13/2026 ብዝተመዝገበ ውዕል ወህቡዎ ብህያብ ስለ ዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ለምለም የማን ግደይ

---

ወ/ሮ ጉዓይ ደሕደጎ ተስፋሚካኤል፡ ዝተፈቐደለን ናይ መጸገኒን መሸጥን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑትን መፍትሕን ንግዳዊ ትካለን፡ "ኣድማሳዊ መሸጥን መጸገኒን ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑን መፍትሕን" (ADMASAWI ELECTRICAL ITEMS & KEYS SHOP) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ምዃኑ ንፈልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ደንደን፡ ብስም ግርማይ ገብረስላሴ እምባየ ዝፍለጥን ብዚፕ-ኮድ "1A189 ፕሎት "113" ፓርሰል "A" ጉ-ዋርሳይ ቁ-ገዛ "113" መለለዪ ቁ.ንብረት 1BRMASM019818/0 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ብዕድጊ ናይ ስም ምትሕልላፍ ይገበረሉ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ብእምነት



# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## መምህር፡ እቲ መብራህቲ ሓፋሽ!

መም/ ኪዳነ ሽመንዲ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

መምህር፡ ንሓፋሽ ንመጻኢ ዝመርሕ መብራህቲ እዩ። ብዘምያኡ ንውሽጡ ብምብራህ ንሸግ ብርሃን ዜጋታት የብርህ። ብዚይ'ዚ ብርሃን ዝዕመም ስራሕሲ ይትረፍ እትሰንም ስድራ'ውን የላን። ኩሉ'ቲ ኣብ ህይወትና እንሓፍሶ ምህርቲ ዓቕሙን ዓይነቱን በቲ ኣብ ትምህርቲ ዝፈሰስ ወፍሪ ክውሰን እንከሎ፡ እቲ ወፍሪ ብቐጥታ ኣብ መምህር'ዩ ዝፀደ። መምህር ምንጪ ኩሉ ምህርቲ ናይ ህይወት ስለዝኾነ፡ ሕብረተሰባት ንተራን ኣበርክቶን መምህር ከም ሕቶ ህላወኦምን ቀጻልነቶምን ክሰርዕዎ ግድን ይኸውን።

መምህር፡ ቆፎ ፍልጠት እዩ። ኣእምሮ መምህር ወትሩ ኣብ ኩሉ መደያዊ ምርምርን መጽናዕትን ምስ ዝጽመድ፡ ብፍልጠት ዝተቐበበ ክኸውን ግድን እዩ። ፍልጠት ኑዖዲ ናይቲ ንሓፋሽ ዘብርሆ ብርሃን'ዩ። ንሓፋሽ ብርሃኑ ክልግሰሉ እንከሎ ምንጩ ካብቲ ብምርምርን መጽናዕትን ዘዋህለሎ'ሞ ኣብ ቆሮ ኣእምሮኡ ዘዕረሮ ፍልጠት እዩ። መምህር ነቲ ኣብ ቆፎ ኣእምሮኡ ዝኸዘኖ ፍልጠት፡ ጥቡብ ኣሰኒዩ ንሓፋሽ የካፍል። እዚ ማለት ደረጃ ፍልጠት ወይ ንቕሓት ሓፋሽ ኣብ ዓቕንን ዓይነትን ፍልጠት መምህራኑ ይምርኮስ ኣሎ ማለትና እዩ። ፍልጠት ጥራይ ግን ንመምህር እኹል ኣይኮነን፤ ጥበበ'ውን ኣድላዪ እዩ። ነቲ ኣብ ቆፎ ኣእምሮኡ ከዚንዎ ዘሎ ፍልጠት ንሓፋሽ ብዝበቶእ ንምክፋል ጥበብ መሳረታዊ እዩ። እዚ ጥበብ'ዚ ዘይብሉ መምህር፡ መምህር ክስመ ኣጸጋሚ እዩ፣ እቲ ምኽንያት ብሰንኪ ጥበበኛ ዘይምኳኑ ንሓፋሽ ብዝበቶእ ፍልጠት ክምግቦ ስለዘጸግም።

መምህር ኣብ ኩሉ ብኹሉ ይምህር። መብዝሕትኡ ግዜ መምህር ኣብ ክፍሊ ጥራይ ዝምህር ዝመስለና ብዙሓት ኢና። እዚ ግን ግጉይ እዩ። መምህር ናይ ሓፋሽ እምበር፡ ናይ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ዝበሉ ተመሃሮ ጥራይ ኣይኮነን። ወትሩ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሱ "ፍልጠት እናዘርአ ንቕሓት ዝሓፍስ" ብዓል ጥበብ እዩ። ካብ ቀጽሪ ናይ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ክምህር ዘይክእል መምህር፡ ካብ ከም መምህር ከም መልእኽቱ ዘይፈልጥ መልእኽተኛ ክጽብጸብ ይከኣል። ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ "ልኡኽ ሓለቦ" ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። እቲ ዝምህሮ እቲ ዘዋህሎሎ ፍልጠት ስለዝኾነ፡ ምንጪ ፍልጠቱ ኣህጉራውን ሃገራውን፡ ስርሑ ግን ሃገራዊ ክኸውን ኣለዎ። ንክምህር ቦታ ዘይድርቶ መምህር፡ ንክምህር መምሃሪ ኣይሓጽሮን'ዩ። እቲ ምንታይ በቲ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ጸጋታት ብጥቡብ ክምህር ዘኽእል ብልሓት ስለ ዘውንን። ሓደ መምህር ብቦታን ንዋትን ምስ ዝድረት፡ ብፍልጠት ተደራቱ ከም ዘሎ ስለዘመልክት፡ ብቐጻሊ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ምርምርን መጽናዕትን ክጽመድ ግድን እዩ።

መምህር ብዙሉጽ ክብርታት ሓፋሽ ዝተኣደቐ ዓንዲ እዩ። ቡዩም ንመንነት ሓፋሽ ዝሕድቑ ክብርታት ተጸሪቡ ዝቖመ ዓንዲ ብምኳኑ ትርኢቱ ጉሉሕ እዩ። ሓፋሽ ክብርታቱ ወትሩ ከም ማሰትያት ኣብ መምህራኑ ይውክሶ። መምህር ኑዩም ካብ ኣህጉር ዓለምና ዘዋህሎሎም ፍልጠት፡ ብጥቡብ ናብቶም ሃገራውያን ክብርታት የሰተርጉሞም። ከም ወጽኢቱ ሓፋሽ ንክብርታቱ ከህብትምን ክኸልዕን ይርኢ። እዚ ጥቡብ ምስቱርጓም ምስ ዘይህሉ ግን መምህር ንክብርታት ሓፋሽ ካብ ምልባስ ስለዘሕረም፡ እቲ ዝምህሮ ጥፍኣት እዩ። በዚ ምኽንያት፡ መምህር ንክብርታት ሓፋሽ ኣብ ሰራውር ደሙ ከእትዎምን ክምህረሎምን ኣለዎ። እቲ ምንታይሲ ኣብ መወዳእታ፡ ሱብ ብክብርታቱ እምበር ብኣዕጽምቱ ስለዘይልለ።

ኣርኣያ መምህራን ስምዒታትና'የም። ልዕሊ ስምዒታትና ብመሰዋእቲ፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ባህሊ ስራሕ፡ ተወፋይነት፡ መሃዝነት፡ ምጽዋር፡ ብጻይነት፡ መትከልን ካልእን ዝምህሩ መምህራን ናይ ህይወት ስለዝዐለው። ስምዒታት ከም ብፍቕሪ ሓፋሽ ዝሕደዱ መምህራን ህይወቶም ገንሸል ብምኽፋል ንሓፋሽ ይምህሩ። መምህራን ንምስሊ ስምዒታትና ብዝበቶእ ብምልባስ ዝበለጹ መምህራን ናይ ሓፋሽ ክኾኑ ክጽዕሩ ኣለዎም። ንብሩህ መጻኢ ሓፋሹ ኩሉ ዝዑብርዎ ስራሕ ኣብ ሕድሪ ስምዒታትና ምርኩስ ዝገበረ ክኸውን ግድን እዩ። ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብተወፋይነት፡ ብጻይነት፡ መሃዝነትን ጥቡብን ክምህሩ ሓፋሽ ዝጠልቦም ባህሪ እዩም። መምህር ኣብ ኩሉ መደያዊ ንጥፈታቱ ብቐዳምነት ፍቕሪ ሃገር ክኸሰኩስ ኣለዎ፣ ብዚይ ፍቕሪ ሃገር ዝኸፈት ልብን ኣእምሮን ሓፋሽ ስለዘየለ።

መምህር ኑዩም ሓፋሽ ንክርእዮም ሃረር ዝብሎም ጸጋታት ሰላም፡ ዕበየትን ብልጽግናን ክዉናት ንምግባር ዝጽዕት ብዓል ጥበብ ከም ምኳኑ፡ ኩሉ'ቲ ዝሃይዶ ጻዕሪ ኣብ ህይወት ሓፋሽ እዩ ዝንጸባረቕ። ፍቕሪ ሰላም፡ ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ባህሊ ስራሕን ካልእን ብምምሃር ሰላምን ዘላቒ ዕበየትን ክፈጥር ይኽእል። ነዚ ወፍሪ ዕውት ንምግባር ብቐዳምነት "ጸረ-መሃይምነት" ዝብሃል ኪታብት ኣብ ምድላው ክሰጥፍ ኣለዎ። ብዚይ'ዚ ኪታብት ዝጥረ ንቕሓትን ዝብጽሕ ጸጋሕን ስለዝዐሉ ከም ቀዳምነታት ናይ ኩሉ ቀዳምነታት ተሰሪዑ፡ ሓፋሽ ከም ኪታብት ፖልዮ ዚ ኪታብት ክወስዶ ግዱድ እዩ። መምህር መሃይምነት ከየጥፍኡ፡ መጻኢ ክህንደስ ኣይክእልን። ኣብዚ ቃልሲ፡ መምህር፡ ነቲ ከም ድቕድቕ ጸላም ምንጪ ኩሉ ናይ ህይወትና ጸገማትን ዝኾነ መሃይምነት ንምጥፋእ፡ ሽግ ፍልጠት ብምዕጣቕ ንጸላም ድንቁርናን ንምቕንጣጥ ይኸትት።

መምህር፡ ዝበረኸን ዝኸበረንሞያ ናይ ኩሎም ዓውደ ሞያታት እዩ እንተተባህለ ምግናን የብሉን። እቲ ምኽንያት፡ ምንጪ ኩሉ ሞያዊ ብቕዓት ስለዝኾነ፡ ከም ምንጪ ኩሉ ሞያዊ ብቕዓት ድማ ክብሩ ልዕሊ ኩሎም ሞያታት ክስራዕ ግቡእ እዩ። ኩሉ ሞያዊ ዜጋ ኣብ ህይወቱ ካብቶም ዘየርስዖም ቀንዲ ዝኽርታት፡ ዝኽሪ መምህራን እዩ። ሓኪም፡ ፖሊስ፡ መራሒ መኪና፡ መሃንድስ፡ ወተሃደር፡ ፓይለት፡ ደራሲ፡ ስነ ጥበበኛን መራሕን ካልኦት ሞያታትን መምህር እዩ ዝምልምሎም። መምህር ንባዕሉ ብመምህር እዩ ዝምልመል። ብዚይ መምህር ዝፈሪ ሞያዊ ዓቕሚ የለን። ሞያዊ ዓቕሚ ሱቡ እቲ ዝዓበየን ዝኸበረን ጸጋ ናይ ሓንቲ ሃገር ከም ምኳኑ፡ ሃገራት ነዚ ጸጋ ንምውናንን ንምዕባይን ወትሩ ኣብ ምምልማል መምህራን ክጽመዳ ግድን ይግበር።

ኣብ መደምደምታ፡ መምህር መብራህቲ ሓፋሽ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ጸረ-መሃይምነት፡ ቆፎ ፍልጠትን ጥበብን፡ ዓንዲ ክብርታት ሓፋሹ ብዓቢኡ ድማ ምንጪ ኩሎም ሞያታት ስለዝኾነ እዩ። ብብርሃን ንቕሓቱ ኣብ ድቕድቕ ጸላም ተተኺሉ ንሓፋሽ ብርሃን ዝህብ መብራህቲ ስለዝኾነ፡ ወትሩ ክብርን ምስጋናን ክወሃቦ ይግባእ።



## ሓወልቲ ሕድሪ

መም/ ኪዳነ ሽመንዲ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ሓወልቲ ሕድሪ ኣብ ልቢ ኑቡውቱፍ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ብደምን ኣዕጽምትን ሰማእታትና ዝተኣደቐ ኪዳን'ዩ። እዚ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ንቕሓትን፡ ትሰፋው ጎደና ምዕባለን ንኸነዝጽሕ ቀንዲ ረቛሒ'ዩ ዝበረ። እዚ ንመሬትና ንምክልኻልን ንምልማዕን ብዘፍሰስናዮ ደም ዝተሃንጸ ሓወልቲ'ዚ፡ ኣብታ ፍቕሪ እትኽሰዕ ልቢ ሓፋሹ ምስ ረዚን ክብሩ ቀይሙ ይርከብ። ማሰዋእቲ ወለዶታት፡ ንሰራውር ኤርትራዊት ልቢ ብምሕዳስን ምድልዳልን ንሓወልቲ ሕድሪ ኣጻኒዕዎ ኣሎ። እዚ ኣብ'ዛ ኤርትራዊት ልቢ ቀይሙ ዘሎ ሓወልቲ ሕድሪ'ዚ ራእይን ክብርታትን መትከላትን ህዝቢ ኤርትራ ወኪሉ ንረኽቦ። እዚም ብደም ሰማእታት ኣብ ማሰረት እዚ ሓወልቲ ሕድሪ ከም ሓረግ ተጠናኺሮም ዝርከቡ ክብርታት ሓፋሹ ንሰንሰለት ወለዶታት ከይብተኽ ዋሕስ ኮይናም ይቕጽሉ ኣለዉ። ናይ'ዚ ፍረ እዚ'ዩ ድማ ምስ ኩሉ ተጻብኦታት ጎኒ ኣብዚ ረመጽ ዝመልኦ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብቕልጠፍ ዝለዋወጥ ዘሎ ኣህጉራዊ ፖለቲካን ዝሓሸ ቁመና ክነውንን በቒዕና ዘለና።

ሓወልቲ ሕድሪ ንኹሉት ኣህዛብ ዝኸፈ ንዖና ንኤርትራውያን ግን ብደምን ኣዕጽምትን ሰማእታትና ዝተኣደቐ ራእይ እዩ'ዩ። ከምቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ተዘርዚሩ ዘሎ፡ ራእይና "ኤርትራ፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ራህዋ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እዩ። ራእይና፡ ጥሜት፡ ድኽነት፡ መሃይምነት ካብ ኤርትራ ምውጋድ'ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ መንነቱን ፍሉይነቱን ዓቂቡ፡ እቲ ብሉጽ ስድራቤታውን ኮማውን ምትሕልላይ ኣማዕቢሉ፡ ብቁጠባን ትምህርትን ቴክኖሎጅን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ክሰርዕ'ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብሄት ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታቱ፡ ብማዕርነት ኣብ መንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን፡ ብፍቕሪ ሃገርን ሰብኣዊ ሓልዮትን፡ ብዲሲፕሊን ስራሕን ፍትወት ፍልጠትን፡ ብምኽባር ሕግን ሰላሰርዓትን፡ ብሽጽነትን መሃዝነትን ዝልለ ክኸውን'ዩ።..."። ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ዝበሎ፡ "ርግኣትን ሰላምን ኮነ ራህዋን ጣዕምን ዝሰራሕን ዝርሓሉን እምበር ሎተሪያ ኣይኮነን፡" ዚ ኣጸቢቑ ዝርዳእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ መራሕቱ ሓደ ልቢ ብምኻኑ ከቢድ ዋጋ እናኸፈለ ክምርሽ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ ውሑስ ኣንፈት ጉዕዞ ንክብርትን ሕፍርትን ብልጽግናን ኤርትራ ደርኪቡ።

ወለዲ፡ መምህራን ሱጥበበኛታትን እዮም ቀንዲ ኑዳቕን ተኸናኸንትን ሓወልቲ ሕድሪ ምኻኖም ይፍለጥ። ብዘለዎም ጽልዋ ንሓወልቲ ሕድሪ ኣብ ልቢ ተተኣቲ ወለዶታት ንምንዳቕ ኣብ ዝቖየድ ወፍሪ ዕዙዝ ተራ ክህልዎም ግድን ይግበር። ወለዲ፡ "ሓቂ ንደቂ ዝልኣለም ሰንቂ" ብምባል፡ ንደቆም ህርመትን ልሳንን እታ ሓወልቲ ሕድሪ እናመገቡ ክዕብዩዎም እንከለው፡ ኪ ኸኖም መምህራን ኑዩም ኣቡታ ሓወልቲ ሕድሪ ተወኪሎም ዘለው ራእዩ፡ ክብርታትን መትከላትን ክኸሰኩሱ ይግባእ። ብምቕጻል ሱጥበበኛታት ብዘለዎም ረቂቕ ጥበብ፡ ንትርጉታ ሓወልቲ ሕድርና ክዓምኡ ሓላፍነት ኣለዎም። ብፍላይ ኣብቲ ዝቖየድ መኸተ ኣንጻር ባዕዳዊ ህርመትን ምስለን ሓላፍነቶም ከስተዋጽኡ ይግባእ።

ወለዲ ብፍላይ ከኣ "ኣደ" ኣብ ምንዳቕ ሓወልቲ ሕድርና፡ ድንቂ ዝኾነ ኣገዳስነት'ዩ ዘለዋ። እቲ ምንታይ'ሲ ኣደታትና፡ እተን ዋጋ ናጽነትን ሰላምን ብፍቕሪ ተረዲአን ንደቀን "ሂወትካ ሞት ካብ ዘኸውን፡ ሞትካ ሂወት ይኹን" ኢለን ብምምራቕ ሓወልቲ ሕድሪ ዝሰደቓ ቅዱሳን ስለዝኾና። ኣደታት ኤርትራ "ኣብ ጸገኩር እዋን ገጽን መለሱ'ዩ ዝበርህ፡ ሓይለን ይውስኽ፡ ቃላተን ይምቅር፡ ሓሳብተን'ውን ይውሕዝ።" እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ንጽገም ከም ኣብ ኣፍደገ ራህዋ ዝርከብ ደርና ስለ ዝርእያ'ዩ። ጸላኢ፡ ነቲ ብደምን ኣዕጽምትን ደቀን ዝሰደቕኦ ክቡር ሓወልቲ ሕድሪ ብምፍራስ፡ ሓወልቲ ርኽሰት ክሃንጽ ወትሩ ምስከተተ እዩ። ኣብ ሱጥበባዊ ስርሓት ካብ ከም ኣደ ምስ ፍቕራ ከም ንዋት ምስ ርኽሰት እናቃልዐ'ዩ ዝወርር ዘሎ። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ወፍሪ'ዚ፡ ነታ መምህር ፍቕሪ ዝኾነት ኤርትራርዊት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣደ-ርኽሰትን ፋልሉትን ገይሩ፡ ስድራቤትን ሃገርን ምፍራስ'ዩ። ንሕና ኤርትራውያን፡ ከምቲ ለባማት ዝብልዎ "ጸሃያይ ክጃምር እንከሎ ቀልጢፍካ ንቕሎ" እዩ ነገሩ'ሞ፡ ጽሬትን ህንጸትን ሓወልቲ ሕድርና ንምውሓስ ከም ወትሩ ንንቓሕ፡ ንወደብ፡ ንተዓጠቕ።

ኣዒንትና ሰላም ከተብልና ንማሰርሕ ህንጸትን ጽሬትን ሓወልቲ ሕድርና ክነስርሕ ዝዓበየ ሓላፍነትና'ዩ። ኣድማዕነትን ቀጻልነትን ናይ'ዚ ማሰርሕ ብቐንዱ ኣብ ደረጃ ንቕሓትን ውዳበን ዕጥቕን መንእሰያትና ይምርኮስ። መንእሰያት ንቕሓተም ንምብራኽ፡ ኑዩም ንሰማእታትና ከም ዋህዮታት ኣብ ደሞም ሰሪጾም ናጽነት ዘምጽኡን ዘውሓሱን ክብርታት ሓፋሽ ክፈልጡን ኣብኦም ክሰብሩን ይግባእ። ፍቕሪ ሃገር፡ ርእሰምርኮሳ፡ ፍቕሪ ስራሕ፡ ብጻይነት፡ መሃዝነት፡ ምጽዋር፡ ማዕርነትን ገለ ካብቶም ኣብ ልቢ ኤርትራውያን ሓወልቲ ሕድሪ ዝሰደቑ ጭዋ ክብርታት ሓፋሽ'ዮም።



"ሱብ ኣብ መወዳእታ መለለዪኡ ዓጽሙ ዘይኮነስ ክብርታቱ እዩ" ይብል ኣብ መጽሔት ሕድሪ - 2007 ዝወጸኣ ጽሑፍ። ዚ ዝተገለጸ ኾነ ንጭዋ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ብምብራዙ ከምበርክኽዎ ዝጀመርዎ ወራር ኾነ ይቕጽል'ዩ ዘሎ። ብስም ምዕባሌ ንሓደሽ ወለዶ ኣብ ዘይህርመቱ ዘይልብሶ ዘይቋንቋኡ ከም ዝዑብር ብምግባር፡ ልብን ኣእምሮን በኪሎም ንመሰረት ሓወልቲ ሕድርና ከፍርሱ ከም ወትሩ ወፈርም ኣለው። ምዕባሌ ወሲ መስርሕ ሂወት'ዩ። የግዳ ከም'ቲ ኣብ መጽሔት ሕድሪ - 2007 ሰፊሩ ዘሎ፡ "ምምዕባል ማለት ግን ነቲ ዝበርካ ምጉሓፍ ዘይኮነስ ኣብኡ ምህናጽ ማለት ስለ ዝኾነ፡ እቲ መሰረት ክተሓዝ ኣለዎ" ይብል። እቲ ምንታይ'ሲ "ብሀርመትካ ኢኻ እትስርሕን እተፍርን፡ ህርመትካ እዩ ህርመትካ! (ዐየ ሃይሉ፡ 2005) ንሕና መንእሰያት ኣንፈትና ንክይንጥፍእ፡ ንመርዞማት ንፋሳት ኾነ ብመንጸር ክብርታትና ንኽንዝፍይን ንክብርታት ሓወልቲ ሕድርና ከም ሓረግ ኣብ ደም ሰራውር ደምና ንጠናኸሮ።

ሰማእታትና ኪኖ ኣብ ጉዱእ መሬቶም፡ ኣብ ልቢ ሓፋሽ ብደሞምን ኣዕጽምቶምን ዝሃነጽዎ ሓወልቲ ሕድሪ ሎሚ'ውን ተጠንቂቕና ንዓቅቦን ንስርሓሉን። ልክዕ ከምቲ 'ንእሽተይ'ዩ' ዝተባህለ ወዲ ይኽእሎን ዋርሳይን ሓወልቲ ሕድሪ ኣብ ልቡ ተኑዲቑ ብዋዕቢ ንሃገሩ ዝሓለፈን ልኡላውነታ ዘውሓሰን ማለት እዩ። ስለዚ፡ ከምቲ 'ኣናፍራ ቆጃሕ ዘይፈልጥሲ ኣይሃዳናይን' ዝበሃል፡ ተረኪቡዚ ሕድሪ መንእሰያት፡ ሕጂ'ውን ክብርታት ሃገርናን ሕብረተሰብናን እናዓቀብና፡ ንዕላማን ኣጀንዳን ኾነ ብዘየገድስ ክንዋቐሓሉ ለበዋ ዘድልዮ ኣይኮነን።

"ኸ ሓወልቲ ሕድሪ ዝትንኽዮ ወይልኡ!" ንመሬቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘቕረበ ብጥዑእ ርሃጹ ሃገሩ ዘልምዐ ማስዋእቲ እናኸፈለ ሃገር ዝሃነጸ ወለዶ'ዩ ሓለዋ ወጺኡላ ዘሎ። እዚ ንቕሓት'ዚ፡ ኑዩም ንራሳና ክባዝሑ ንዘመናት ዝጸዓቱ ኾነ መርድእ፡ ንዖና ንኤርትራውያን ግን ዋሕስ መጻኢና'ዩ። ህንጸት ሃገር፡ ብህንጸትን ጽሬትን ሓወልቲ ሕድሪ ስለዝውሓስ፡ ኣብ ልብታትናን ልብታት መጻኢ ወለዶን ዛ ሓወልቲ ክንነድቕ ንኽተት። ኣብ ምስሊ ሓወልቲ ሕድርና ንንበር፡ ንምስሊ ሓወልቲ ሕድርና ብምኽሳዕ ናብታ ክብርትን ሕፍርትን ብልጽግትን ኤርትራ ንመርሽ።

# ምትእኽኻብ ገዳይም ስፖርተኛታት ኤርትራ

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከሪኖ)
ሚኒስትሪ ቱሪዝም

ማሕበር ገዳይም ስፖርተኛታት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ካብ ዝቐውም ኣስታት ሓሙሽተ ዓመታት ገይሩ ኣሎ። ዕላማ መቖሚኡ ድማ ዝኸሪ ሓድሕድ ምሕዳስ፡ ተመኩሮ ንዳሕረዎት ምትሕልላፍ፡ ሕሉፍ ተመኩሮ ምስናድን ናብ ጽሑፍን ተንቀሳቓስን ምስሊ ምቕያርን፡ ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ምትሕግጋዝ፡ ንዘተጸገሙ ገዳይም ስፖርተኛታት ምድጋፍ፡ ብውልቂ ከኣ ንዝከበሩ'ወን ጋንታታት ብንዋትን ምኽርን ምትብባዕ ወዘተ እዩ።

እዞም ገለ ክፋሎም ኣብ ወጻኢ ዝበዝሑ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ገዳይም ስፖርተኛታት ኩዕሶ እግሪ፡ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ውዳበታቶም ኣወርጺጾም መሪሕነቶም መሪጾም፡ ምስ ሃገሮምን ስፖርታዊ ንጥፈታት ሃገሮምን ጥቡቕ ምትእስሳር ከምዝህልዎም እዮም ገይሮም።

እዞም ገዳይም ስፖርተኛታት፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ሓድሽ ዓመት (2026) ብጥርኑፍ ናብ ሃገሮም ኣትዮም "ምስ ኣነፍቅሮምን ወትሩ ካብ ዝኽርና ዘይሃስሱን መጻወትናን ናይ ንእስነት መጫልይትናን ነበር፡ ናፍቖትና እንገላለጸሉን ሃለዋት ሓድሕድን ዝኽርን እነሐድሰሉን፡ ኣብ ሃገርና ብወኒ ማሚቑና እንውርሓሉ ህሞት ንምፍጣር ኢና ብመደብን ቀጸራን ኣቲና" እዮም ዝበሉ።

ገለ ካብኣቶም፡ ኣማኒኤል (ዓቴ)፡ ሉቻኖ፡ ባሊላ፡ የናታን፡ ካልኦትን ምጥቃስ ይከኣል። እዞም ገዳይም ስፖርተኛታት ክራኸቡ እንከለዉ ዝሽፍትዎ ዕላል ስለዝደመቐን ፍረ ነገር ስለዝርከቦን፡ እዝንኻን ልብኻን ከፊትካ ስምዓዮም እዩ ዝመጽኣካ። ገለ ዕላላቶም ክሳብ ደርጊ ስንኻ ዝቐላዕ ዝጉብር ኣዝዩ መስሓቕ'ዩ፡ ገለ መስተንክር'ዩ፡ ብዘይዳ ግን እቶም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንከለዉ ኩዕሶ ዝጻወቱ ዝነበሩ ዘሕለፍዎ መስገደላትን ዝነበሮም ድፍረትን የርምመካ። ዕላላቶምን ምትሕውዋሳቶምን ክትርኢ እንከለኻ፡ ካብ ሓንቲ ማህጸን ዝተወልዱ፡ ተወሊዶም ኣብ ሓንቲ ጋንታ ዝጻወቱ ዝነበሩ፡ ሕጂውን ብሓደ ዝነብሩ ዘለዉ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓካ። ንዓይ ከም ተጋዳላይ፡ ኣዚኻ ምትሕውዋስን ሓድሕድ ተገዳስነትን ምጭናውን፡ ክትፈላለ ዘይምድላይን ናትና ናይ ተጋደልቲ ሕዝኣቲ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ። ለካስ ኤርትራዊ ባህሊ ምኳኑ ኩልዕ ኢሉ እዩ ተጋሂዱለይ። ተሓቢንኩ ከኣ።

እዞም ገዳይም ስፖርተኛታት ፈለማ ኣብቲ ብኣቶ ሳሙኤል ተኽለ ዝተደርሰት "ህቡባት ስፖርተኛታት ኤርትራ ካብ 1946-75" ዝርእስታ መጽሓፍ፡ ብ23 ጥሪ 2026 ኣብ ዝተመረቐትሉ ኣብቲ ጽንብል መመረቕታ መጽሓፍ ተረኺቦም ነይሮም። በዚ ዝጀመረ ንጥፈት፡ እዞም ገዳይም ስፖርተኛታት ኣብ ናይ ቀደም ጋንታታቶም ማለት ኣዱሊስ - ሚሎቲ ቢራ፡ ፖሊስ



(ኣልታሕሪር)፡ ቺፖሊኒ (ቀይሕ ባሕሪ) ብዝብል ተወዲቦም ስሩዕ ግጥም ጀመሩ።

ኑቲ ግጥም ብኣንክሮ ንዝተመልከተ ከምዚ ከማይ፡ ጥቡብ ኣጸዋውታ ካብ ሓደ ናብ ሓደ ዝሓለፈ እዩ። ንጸወታ ኩዕሶ ልክዕ ከም ናይ ቁጽሪ ክኢላ፡ እንተደልዮም ዘርብሑ እንተደልዮም ዝመቕሉን ዝድምሩን እዮም ነይሮም። ጸወታኦም ናይ ዘይተሰዓርነት ወይ ድማ ቅዱስ ህልኽ ዝዓብለሎ ክሳብ ምንህሃር ዝኸይድ'ዩ ነይሩ። ነዚ ምስ ተዓዚበካ "እዞም ሰባት፡ እዚ ግጥም'ዚ ናይ ምሕዘት ምኳኑ ዘንጊዖም ድዮም?" ዝብል ሕቶ የለዓዕለልካ፡ እንተኾነ ንሳቶም ብዓወት መሰስ ኢልካ ምውጻእ፡ ምስኦም ኣብ ደሞም ዝሰፈረ ጥራይ ዘይኮነ እናዓበዩ ብዝኸዱ ድማ መመሊሱ ዝኹላዕ ምኳኑ ካብ መጻወትቶም ሓበሬታ ረኺበ። ሳላ'ዚ ናይ ዘይተሰዓርነት መንፈስ ከኣ'ዩ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንከለዉ ሕልሚ ግዝኣቲ ዝሰብር ቅያ ዝፍጽሙ ዝነበሩ።

ብኽምዚ ዝተጠቕሰ ርሱን ወኒ እታ ሓንቲ ነታ ሓንቲ እናሰዓረ፡ ኣልታሕሪርን ቢራን ናብ ፍጻመ በጽሓ። እዚ ጸወታ እዚ ድማ፡ ብዓይነቱን ትሕዝቶኡን ንናይ ሃገራት ግጥም ዘዘኻኽር ኮይኑ'ዩ ተፈጺሙ። እቲ እንኮ-ትሓስቦ ግርም ዝብለካ ድማ፡ ኣብዚ ዕድመ'ዚ እንተደኣ-ተሰይሮም ንምጽጋን ዘሎ ብደሆ ቀሊል ከምዘይኮነ ርዱእ ክነሱ፡ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ርእሲ (ኣእምሮ) ዝተቐመጠ ዕላማ - ክንስዕር ኣለና! ዝብል'ዩ። እዚ ሕላገት ኤርትራውነት እዚ ድማ፡ ምስኦም ኣብ ሰደት ይኹን ውሽጢ ሃገር ከም መቕነት ኣደታትና ወትሩ ኣብ ዕጥቆም'ዩ።

እቲ ናይዞም ስፖርተኛታት ከም ፍሉይ ሓበን ንምግላጹ ዝድርኽ፡ ዝተጸገመ መጻወትቶም ነበር፡ ሽግር ከም ሓርማዝ ጸቒጥዎ ባይታ ክልሕስ የብሉን ዝብል'ዩ። ቀሊል ኣብኮት ብሕማም ምኽንያት ኣብ ስቅያት ዘላ ኣስሊ ዝተባህለት መጻውትቶም፡ ብሓገዝ ናታቶም ሕክምናዊ ክትትል ትጉብር ምህላዋ፡ ኣብቲ ኢጋጣሚ ተረኺባ ባዕላ ምስክርንታ ምስጋና ኣሰንያ ኣቕሪባ። ሕጂ'ውን ካብ ወጻኢ ሃገር ክመጽኡ እንከለዉ፡ ንከምዚ ዝኣመሰለ ዕላማ ዝውዕል ርእሰማል ዝዓቕሞም ተማሊኦም መጺኦም ከምዘለዉ ይሕብሩ።

ብተዛማዲ ከምቲ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ገዳይም ስፖርተኛታት ደቀንስትዮ'ውን ማሕበር ከምዘለወን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት ግጥም ኣካይደን። ቅዲ ጸወታ ከምቲ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ዝተገልጸ ትሕዝቶን መንፈስን ዝነበሮ እዩ።

ነዞም ገዳይም ስፖርተኛታት፡ ልብኻን ቀልብኻን ኣዋሲብካ ምስ እትዕዘቦም፡ ነታ ኩዕሶ ይፈልጡዋ እዮም፣ ኩዕሶ ድማ ዝተፈልዩዋ ኣባላት ቤተሰባ ዝረኸበት ክትመስል፡ ኣብዛ ትሕቲ እግሮም ሕልኽልኽል ክትብል እምበር ንግዳም (ኬስትሮ--ፎሪ) እትወጽኣሉ ኢጋጣሚ ውሑድ



(ዝፍቀድ) ምንባሩ'ዩ። ስለዚ እቲ እዞም ገዳይም ስፖርተኛታት ዝቐነዩሉ ኢጋጣሚ ንሕሉፍ ኣዘኻኺሩ ዘሕነቕንቕ፡ ዘሐብንን ፍቕሪን ሃገራውነትን ዓንቢቡ ዝተራእየሉን ቅንያት ብምንባሩ "ፈስቲቫል ኩዕሶ እግሪ እንተተባህለ የማዕርገሉ'ዩ" ዝብል ብሂል ብዙሓት'ዩ ነይሩ።

እቲ ኣብዚ ክምላእ ነይሩዎ ዝበሃል ግን፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ተራኡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ልዑል'ኳ እንተነበረ፡ ጽምኢ ማዕከናት ዜና ሃገርና ዝነበሮ ጥራይ ዘይኮነ ዝተወደበ ንዳሕረዎት ናይ ምውርራስ መድረኽ ዘይምንባሩ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ነታ ናይ 1946-75 ዘላ መጽሓፍ ዝምልእ ንጥፈታት'ውን ክኸየደሉ ምተኻእለ ነይሩ ዝብል ሓሳብ'ውን ቀሪቡ'ዩ።

ነዚ ብስም ፈስቲቫል ዝተጠቕሰ ዘራጉድ'ውን፡ ብሃገር ደረጃ ናይ ደቀንስትዮ ውድድር ኣብ ኣስመራ ተሰሪዑ፡ ጋንታታት ዞባ ማእከል ዝርከበኦን ናይ ዞባታት ደሚርካ ዝሳተፈኦ ምህላዉ እዩ። እቲ ጸወታ "ወይልኻ ነዚ ዘይርኣኻ" ዝብል ጥቡብን ቅዱስ ህልኽን ዝረኣየሉ ዘሎ እዩ።

ካልእ ነዚ ፈስቲቫል እዚ ዘማሞቑን ንልብኻ ብባህታ ዝመልኣን ድማ፡ ሰለስተ ደቀንስትዮ ዝርከባኦም 11 ደያኑ፡ ካብ ኣህጉራዊ ኩዕሶ እግሪ (FIFA) ናይ ምድናይ ምስክር ወረቐት ብወግዒ ኣብ ኢምፐርያል ሆቴል ከምዝዕደሉ ምግባሩ'ዩ። እዚ ፍጻመ እዚ ንቦታን ዝናን ኤርትራ ኣብ ዓለምና ባባ ዘርሑ ክኸውን ጻዕራ፡ መንፍዓት፡ ዲሲፕሊን፡ ፍልጠትን ቅንዕናን ናይዞም ደያኑ ክውሰኖ እዩ።

"እንሄ በረኸት" ከምዝብልዎ ወለድና ድማ፡ ኣብቲ ናይዞም ናይ ደያኑ ምስክርነት ምሃብ፡ ነታ ብኣቶ ሳሙኤል ዝተደርሰት ናይ ስፖርት መጽሓፍ ኣብ ዞባ ማእከል ጥራይ ተሓጺራ ከይትተርፍ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ እንተላይ ናብ ዞባታት ዝወፍር መጻሕፍቲ ምዕዳጉ እዩ።

ካልእ ዝዓዘዘ ቁምነገር፡ "ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይ ንገረሉ" ከምዝበሃል፡ ንክልተ ኣብ ስፖርት ሃገርና ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝነበሮም፡ ገዳይም ኢያታት ስፖርት፡ ማለት ኣቶ ግርማይ ኣርኣያን ኣቶ ሳሙኤል ተኽለን ናይ ኣፍልጦ ምስክር ወረቐት (CERTIFICATE OF HONOUR) ተዋሂበ። እዚ ኣብ ልቦና ዝተሰረተ ተግባር ኣብ ካልኦት ክቕጽል ለበዋ ዘዩድልዮ ጉዳይ እዩ። ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ስነዳ ስፖርት ዘድሃበ ዕቱብ ስራሕ ክቢጋገስ ርይይቶ ተዋሂቡ።



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኣብነታዊ ሓረስታይ ጸጋይ ግርማጽዮን

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ሓረስታይ ጸጋይ ግርማጽዮን፡ ነባሪ ዓዲ-ጭንኖ ንኡስ ዞባ ማይምነ ኮይኑ፡ ኣብ ዐብል ጽሑፍ እምኒ ኣብ ዝበሃል ቦታ፡ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ተዋፊሩ ዝነጥፍ ዘሎ ሓረስታይ እዩ። ሓረስታይ ጸጋይ፡ መዓስን ብኸመይን እዩ ኣብ ልምዓት መስኖ ክነጥፍ ጀሚሩ፧ ናብዚ ወፍሪ'ዚ ከአንፈት ዝደረኾ እንታይ'ዩ፧ ጀርዲኑ ኣብ ምንታይ ትኹረት ዝገበረ እዩ፧ ደረጃ ልምዓት መስኖኡ ኣብዚ እዋን ኣብ ከመይ ደረጃን ኲነታትን ኣሎ፧ ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምነ ብዛዕባ ኣልማዒ ሓረስታይ ጸጋይ፡ እንታይ ይብል፧ ...ነዚን ካልኦትን ሕቶታት ንምምላስ፡ ምስ ሓረስታይ ጸጋይ ግርማጽዮን ከምኡ ድማ ንኣቶ ያሬድ ጉብረገርግሽ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምነ፡ ተወኪስና ዘዳለናዮ ጽሑፍ፡ ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።

ሓረስታይ ጸጋይ፡ ንኹሉ ዝኸዶ ዕማም ዝዓበየ ክፋሉ ካብ ዘዋህለሎ ተመኩሮ ተመርኩሱ'ዩ ዘካውኖ። ልምዓት ዘካይደሉ ዘሎ ቦታ ሑጻ ምስ ምዃኑ ብቐሊሉ ንፍግረ-መሬት ዝተቓልዐ'ዩ። እዚ ከይኣክል ርእሱ ክኢሉ ለሚዑ ክንድ'ቲ ትደልዮ ምህርቲ ክሁብ ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ መሐወስታ ድኹዒ የድልዮ። እቲ መሬት ብቐጻሊ ክድኳዕ ስለ ዘለዎ ድማ፡ ጸጋይ ንጀርዲኑ ካብ ምድኳዕ ኣዕሪፉ ከም ዘይፈልጥን ባህርያዊ ድኹዒ ከም ዝጥቀምን'ዩ ኣዕሊሉና። ኣብ ዝሓለፈት ዓመት 11 ሺያጆ ማኪና ድኹዒ እንስሳታት ብኣእዱግ፡ ካሮን ገመልን ተጠቒሙ ከም ዘጉዓዓዘ ድማ ነጊሩና። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ናብ ቦታ ልምዓቱ ዘእቱ ጽርግያ ዘይምህላዉ ዝፈጠሮ ጸገም'ዩ። ባህርያዊ ድኹዒ ክጥቀም ዝደረኾ ድማ፡ ብቐንዱ ውጽኢት ባህርያዊ ድኹዒ ንሱ ብዝፈልጦን ዘዕበዮን ኣሎ። ከም ተወሳኺ ሚኒስትሪ ሕርሻ ባህርያዊ ድኹዒ ክጥቀሙ ብዘተባብዖም መሰረት ዝገበረ እዩ። ጽቡቕ ምህርቲ ክትረክብ፡ ኣብ ለሰን ስቡሕ መሬትን ምንጣፍ የድልየካ። ጸጋይ ዘልምዓሉ ከባቢ ፍርያምን ኩሉ ዓይነት ዘርእን ተፍርየሉ ድንግል መሬትን'ኳ እንተኾነ፡ ከምቲ ዝተሓበረ እቲ ቦታ ሑጻ ምስ ምዃኑ ግዳ፡ ቅድሚ ዝኣገረ እንታይ ትዘርእን ትተኽልን ምልላይን ምፍላጥን የድልየካ። ጽቡቕ ምህርቲ ክሁብ ዝኽእል ኣብ ለሰን ስቡሕ መሬትን ክትዘርእ እንከለኻ'ዩ። ኣብዚ መዳይ ንግዜኡ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ትሕዝቶ ፍርያምነት ሓመድ ከምዝጉድእ ዝርዳእ ጸጋይ፡ ገጽ መዳበርያ ርእዩ ከም ዘይፈልጥ'ዩ ገሊጹልና።

ቀንዲ ዕዳጋ ፍርያት ልምዓት መስኖ ጸጋይ፡ ብኣጋርን ገመል ወጢጥካን ወይ ኣእዱግ ኮብኪብካ 6 ሰዓት ተጓዒዝካ ማይምነ'ዩ። ኣብኡ ዝወርድ ህዝቢ ብዙሕ ኣስቤዛ ዘህልኽ ኣይኮነን'ምበር፡ ሓድሽ ዓዲ ኣብ ዝበሃል ዕዳጋ'ውን ይቕርብ'ዩ። ኣብ ገለ እዋን ክሳብ ማይ ድማ ዝመጣጠረሉ እዋናት'ውን ኣለዉ። ነዚ ኹሉ ክበጽሖ ብድሆኡ መጓዓዝያ'ዩ። ጸገም መጓዓዝያ ድማ፡ ክንድ'ቲ እትደልዮ ከሰጉመካ ዘኽእል ኣይኮነን። ስለዚ ብዝተኻእለ ናብቲ ቦታ ዘእቱ ጽርግያ ናይ ምስራሕ ጠመተ ክወሃቦ'ዩ ዝላቦ ሓረስታይ ጸጋይ።

****

ኣብቲ ኢጋጣሚ ንሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምነ፡ ኣቶ ያሬድ ጉብረገርግሽ፡ ኣብ ልዕሊ ኣልማዒ ሓረስታይ ጸጋይ ግርማጽዮን ዘለዎ ትዕዝብትን ርእይቶን ቃል ምስክርኑ ከካፍለና ተወኪስናዮ ዝሃበና መልሲ ይስዕብ።

"ጸጋይ፡ ካብ ቅድሚ 18 ዓመት ጀሚሩ ምስ ሰባት እናተላፈነ'ዩ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ክነጥፍ ጀሚሩ። ካብ 2022 ጀሚሩ ድማ፡ ገዛእ ርእሱ ክኢሉ፡ ኣሕምልቲን ፍረታትን ብምልማዕ ዕዳጋ ከባቢኡ ከረጋግእ ዝጽዕት ምሕዱር ሕርሻኡ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ



ሓላፊ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምነ ኣቶ ያሬድ ጉብረገርግሽ

መሬት ክልምዕ ዝኽእል ጻዕራም ሓረስታይ'ዩ። ኣብ ንኡስ ዞባና ከም ጸጋይ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ዝነጥፉ ክልተ ሰለስተ ንዕዳጋ ማይምነ ምእኻልዎ። ኣብ ምሕደራ መሬት ካብ ዘለዉ ሀርኩታትን ጻዕራማትን ሓረስቶት ኣልማዕቲ ሓደ'ዩ። ፍርያቱ ንኸባቢኡ ቀዳምነት ሂቡ ዝሰርሕ ጸጋይ፡ ኣብ መሬት ሕርሻኡ ዘወር ምስ ትብል፡ ሸዊት ፍርያቱ ባናና፡ ፓፓዮን ኣብ ርእሲ'ዚ ጸባ ሓሊቡ ተቐቢሉ'ዩ ዘዕንግለካ።

"ነቲ ንሱ ዘካይዶ ዘሎ ልምዓት ድሒርና ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኢና ፈሊጥናዮ። በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምስ ረኣኹ፡ 'ሱብዶ ብኣፍራዛ ክሳብ ክንድዚ መሬት ኣደላዲሉ የልምዕ'ዩ፧' ዝብል፡ ሓይሊ ሱቡ ጉሊሑ ይረኣየካ። ፍርያቱ ደቂ እናደገፍዎ ብኣግማልን ኣእዱግን እናጸዓነ'ዩ ናብ ዕዳጋ ዘቕርብ። ሓቦኡን ጽንዓቱን ገሊጽካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ፡ ግደ ስልጡንነት መጓዓዝያ ጉሊሑ ይረኣየካ።

"ጸጋይ ኣብ ስራሕ ህንጡይ፡ ኣብ ኣተሓሕዝኡ ድማ ብስነ-ፍልጠታዊ'ዩ ዝሰርሖ። ትተኣማመነሉ ዝሃብኮ ዝጥቀመሉ ኣገባብ መግለጺ ኢኻ ትስእነሉ። ባይታ ዝመሃሮ ኣዝዩ በሊሕን ምኩርን'ዩ። ካልእ ኣብ ጀርዲኑ፡ ተኺሊ ኣግራብ ፍረታቱ ማይ ምስ ኣስተዮ ነፍሲ-ወከፍ ተኺሊ ኣብ እግሩ፡ ብሳዕሪን ቆጽሊ ፓፓዮን ሸፊንዎ ምስ ተዓዘብና፡ 'ንምንታይ' ኢልና ብዝተወከስናዮ፡ "እዚ ቦታ ሙቐት'ዩ። ማይ ቀልጢፉ ስለ ዝሃፍፍ፡ ካብ ከምኡ ንምክልኻል'የ ሳዕሪ ዝሸፍኖ" ኢሉና። እዚ ማንም ዘይገብሮ ስነ-ፍልጠታዊ ኣምር'ዩ።

"ኣብ ጀርዲን ጸጋይ ዝተሳእነ ስለ ዘየለ፡ ንዘለዋኦ ኩቡቱ ሓንቲ'ውን ትኹን ስታላ ክውሰኸለን እመኽሮ። ብዛዕባ ቀለብ እንስሳ ጸገም የብሉን። እቲ ቦታ ድማን ምዃኑ ዝምስክር ኣኺሉ ዝተርፍ ሓምላይ መግቢ እንስሳ ሳዕሪ ሓርማዝ'ዩ ዘለዎ። እቲ ቦታ ድንግል'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ጎድኒ ጎድኒ ልምዓት ጀርዲኑ፡ ምርባሕ እንስሳታት ብፍላይ ከኣ፡ ዝተዳቐላ ናይ ጸባ ኩቡቲ ሃምርንያ፡ ጉባይ፡ ወዘተ ከምጽእ እንተ ዝኽእል ብዙሕ ምረብሐ። ምኽንያቱ፡ ጸጋይ ብዕድመ ንእሽቶ ስለ ዘሎ ብሓደ ወገን፡ ህንጡይነት ናይ ልምዓት ጀርዲን ስለ ዘለዎ ድማ ቡቲ ኻልእ፡ ምርባሕ እንስሳታት ክነጥፈሉ ኣለዎ በሃልቲ ኢና። ናይ ጸባ ኩቡቲ ክህልውኦ ንዘለዎ ጠለብ ንምምላእ፡ ብወገን ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ፡ ክገብሮ ዝኽእል ዓቕሙ፡ ንጸጋይ ዝበቅዕ ነገር የብሉን። ሃምርንያ ዝዓይነተን ምሩጻት ናይ ጸባ ኩቡቲ ካብ መንግስቲ (ሚኒስትሪ ሕርሻ) ልቓሕ ወሲዶም ልቓሖም ዝመልሱ ሓረስቶት ኣለዉና። ጸጋይ ድማ ብቑዕ ኣልማዒ ሓረስታይ'ዩ። ደረጃ ብቕዓት መሬቱን ልምዓቱን እውን ቅቡል'ዩ። ትሕዝቶ'ውን ኣለዎ። ስለዚ ይግብኦ'ዩ ክወሃቦ ድማ'ዩ። ጸጋይ በዚ ዘለዎ ጥራይ ክድረት የብሉን። እቲ ዘለዎ ቦታ ጥጡሕን ንእንስሳታት ምቹእን'ዩ። መግቢ እንስሳ ምስኡን ኣብ ግራቱን ስለዘሎ ጸገም የብሉን። ሕክምና እንስሳ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባና ስለ ዘሎ፡ ጸገም የብልናን። ስለዚ፡ ምትብባዕና ጸጋይ



ኣብነታዊ ሓረስታይ ጸጋይ ግርማጽዮን

ኣብ ጥሪት ወፍሪ ክገብር'ዩ። ጉባይ ዝበሃላ ኩቡቲ ስለ ዘለዋ፡ ነዚኤን ኣምጺኡ ኣብ ረብሓኡ ክውዕለን ኢና እንመኽሮ።

"ጸጋይ ቀንዲ ብልሚኡ፡ ቀመማዊ ድኹዒ ኣይጥቀምን'ዩ። ኮምፖስት ከመይ የዳሉ፧ ግብራዊ ኣብኡ ተሰንዩ ኩዳሉ ከም ዘለዎ ተሓቢርዎ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ድኹዒ እንስሳታት'ዩ ክጥቀም ጸኒሑን ዘሎን። እንተኾነ፡ ትሕዝቶ ድኹዕ እንስሳታት ድሩት ስለዝኾነ፡ ኣብ ክንድኡ ዝዓበዓበን በኹዑ ዝተበላልዐን ግቡእ መስርሕ ኣብ ሓመድ ዝጀመረ ባህርያዊ ድኹዒ (ኮምፖስት) ክጥቀም ከምዘለዎ ሓቢርናዮ ኣለና። ንሱ'ውን ትኩር ስለ ዝኾነ ተረዲእዎ ኣሎ።

"ንመምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ንውከስ፡ ንኹሎም ሓረስቶት ኣብነታውያን ንቐይሮም ዝብል ኣሎ። ኣብ ንኡስ ዞባና ከም ጸጋይ ካልኦት ንምፍራይ ጉስጓስ ነካይድ ኢና። ጃህራ ኣየቕይሕን እዩ፡ ቀረብ ናትና ድሩት እዩ። ምኽንያቱ ቅድሚ ሕጂ ፍሩሰካ፡ ፍሩሰኬሎ፡ መግቢ እንስሳታት ብዙሕ ንቐርብ ነይርና። ሕጂ ግን እዚ ኣብ ምቕራብ ጸገም ኣለና። ኣብ ልምዓት ጀርዲንካ እንስሳ ደሚርካ ክትሰርሕ፡ ሳዕሪ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። እንተኾነ ንስኹም ስርሑ፡ ሰራሕኩም ደው ኣይተብሉ፧ እቲ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ እትደልይዎ መግቢ እንስሳ፡ ብግዜኡ ክፍታሕ'ዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ሞያኡ ዘፍቅዶ፡ ብቴክኒካዊ መዳይ'ዩ ንጸጋይ ክድግፎ ዝኽእል። ሕቶ መሬት ንምምሕዳርን ዓድን'ዩ ዝምልከት። ንጸጋይ ብሕጂ እንተ ደገፍናዮ'ምበር ክሳብ ሕጂ ዝገበርናሉ ሓገዝ የብልናን።

"ሓረስታይ ጸጋይ፡ ዘለዎ ጽቡት ዝለምዕ መሬት ክውሰኾ፡ ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶም ኣመሓደርቲ ሕቶ ኣልዒሉ ኣሎ። ሕቶኡ፡ ናይ ስራሕ ወኑ፡ ብቕዓቱ፡ ሓቦኡን ኒሑን ኣብ ግምት ዘእተወ ክተባባዕ ዝግብኦ ሓረስታይ'ዩ ብምባል፡ ጉዳዩ ናብ ዝምልከቶ ክመርሓሉ ድጋፍ ክገበረሉ ምዃኑ ዘርኢ፡ ብወገን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ይኹን ምምሕዳር ከባቢ ናይቲ ዝነብረሉ ዓዲ ኣንፈት ኣሎ። እዚ፡ ጸጋይ ከም ባህጉ ዝደልዮ መጠን ዝለምዕ መሬት ተመሪሑሉ፡ ልምዓት መስኖኡ ሰፊሑ ክንርኢ፡ ትጽቢት ጨንፈር ሕርሻ ንኡስ ዞባ ማይምነ እዩ!"




ሕርሻ ባናና ሓረስታይ ጸጋይ



ምህርቲ ፍርያት ባናና ሓረስታይ ጸጋይ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም ተዓዊቱ
### “ታሪኽ ንርእሱ ክብል ይድገም”

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኤንኢሲኤን - ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ረቡዕ ንቀዳመይቲ መድረኽ ቮልታ ኮሙኒስታ ቫለንሺያ፡ ብዘደንቕ ሸኣ ተዓዊቱላ።

ቢንያም፡ ድሕሪ ምዝዛም 2025 ካብ ኢንተርማርቼ ብናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ናብ ኤንኢሲኤን ምስ ተጸምበረ፡ ዛጊት ኣብ



ልምምድ እዩ ተጻሚዱ ጸኒሑ። ትማሊ ረቡዕ ድማ፡ ኣብ ሰጻኛ ኣብ ዞር ቫለንሺያ ቀዳመይቲ ጸወታኡ፡ ብማልያ ሓዳስ ክለቡ ኣሰላሲሉ።

እዛ 160 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ንናይ ሸኣ ተቐዳደምቲ እትጥዕም ብምንባራ፡ ቢንያም ንዝርከቦም ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ፡ ዝበለጸት ዕድሎም ነይራ።

ብመገዲ ቢንያም ናይ መድረኽ ዓወት ንምምዝጋብ ቀዳማይ ዕላማኡ ገይራ ዘላ ኤንኢሲኤን፡ ክሳብ ናይ መወዳእታ ኪሎሜተራት ሃዲሞም ንዘወዓሉ ተቐዳደምቲ ኣብ ምልቃም ጸቡቕ ዕማም ዓሚሙ። ኣብ ናይ መወዳእታ ሜትሮታት ጸቡቕ ቦታ ኣትሒዙ ምስ ኣብጽሖ ከኣ፡ ዝተረፈ ናይ ሸኻኺይ ዕማም ባዕሉ ምስ ብሉጽ ብቕዓት ዓሚምዎ - ቢንያም።

ቢንያም፡ ነዛ ሓያል ሸኣ ዝተራእየላ መድረኽ፡ ብ3 ሰዓት፡ 25 ደቒቕን 41 ካልኢትን እዩ ተዓዊቱላ። በልጅዩማዊ ተቐዳዳማይ ረድ ቡል - ኣርን ማሪትን ኣባል ጋንታ ፖልቲ - ጃዮቫኒ ሎናርዲን ከኣ፡ እግሪ እግሩ ኣትዩ። በዚ ከኣ ቢንያም፡ ንብጫ ማልያ ብ3 ሰዓት፡ 25 ደቒቕን 31 ካልኢትን፡ ንናይ ሸኣ ኣራንሾኒ ማልያ ከኣ፡ ብ25 ነጥቢ ለቢሰወን ኣሎ።

ቢንያም፡ ናብዛ ጋንታ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ውድድሩ ዓወት ምምዝጋቡ፡ ንቀጻሊ ጉዕዞኡ ደፋኢ ሓይሊ ክኾኖ ትጽቢት ይግበር። እዛ ጋንታ፡ ንዓወታ “ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ቀዳማይ ዓወት” ክትብል ድማ፡ ብሓጎስ ገሊጻቶ ኣላ።

ብጽቡቕ ኰነታት ዘሎን ን2026 ብፍናን ዝሀብ ዓወት ተቐቢሉዋ ዝርከበን እዚ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ፡ ብ1 ለካቲት 2023 ምስ ኢንተርማርቼ እንከሎ፡ ንቀዳመይቲ መድረኽ ናይዚ ውድድር ተዓዊቱላ ነይሩ - ታሪኽ ከኣ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ንርእሱ ክብል ተደጊሙ ኣሎ።

ኣብ ፕሮፌሽናል ጉዕዞኡ ንሻሙናይ ግዜኡ ንዓብይ ጉድለ ብቅጽበታዊ ውድድር (Sprint) ዝረትዓ ዘሎ - ቢንያም፡ ድሕሪ 573 መዓልታት (86 ናይ ውድድር መዓልታት) እዩ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበ ዘሎ። ንመወዳእታ ግዜኡ ኣብ ብ11 ሓምለ 2024 ኣብ መበል 12 መድረኽ ዞር ፈረንሳ ምስ ተዓወተ እዩ።

ድሕሪዚ ነዊሕ መዓልታት ዝወሰደ ዓወቱ ከኣ “ዝሓለፈ ዓመት ንክዕወት ተጋዲለ እየ፡ ብዙሕ ግዜ ካልኣይ ወጺአ እየ፡ እኹል ግና ኣይነበረን። ሕጂ ግን፡ ኣዝዩ ተሓጒሰ ተተካቢዐን ንዝበለጸ ዓወት ኣብዚ ዓመት ጠሚተን ኣለኹ።” ኢሉ።

ኣብዚ ውድድር፡ ንቢንያም ቀንዲ መወዳድርቱ ክኸውን ተጸቢዩ ዝበረ ኣባል ሊድል ትረክ - ማድስ ፔደርሰን፡ ኣብ ፈለማ



ናይቲ ውድድር ብዘገጠሞ መውደቕቲ ጸወታ ኣይዛዘመን።

ንመበል 77 ግዜኡ ዝሰላሰል ዘሎ እዚ ናይ 2.ፕሮ መስርዕ ዘለዎ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ካልኣይቲ መድረኽ 17 ኪሎሜተር ብጽትሸፍን ናይ ወልቂ ናይ ግዜ ውድድር ክቕጽል እዩ። ነዛ መድረኽ፡ ኣባል ረድ ቡል - ሪምጥ ኢቨንፖኤል ክዕወተላ ይግመት።



## ሃገራዊ ውድድር ኤሪ-ጁንየር . . .

ሃገራዊ ውድድር ኤሪጁንየር (ዕድመ 17ን 18ን) ኤርትራ፡ ዝመጽእ 7ን 8ን ለካቲት ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብኽልተኡ ጾታ ክካየድ እዩ።

ኣብዚ ንመበል 36 ዓመት ጽንበል ስርሒት ፈንቅል ዝዋዕለሉ ዘሎ እዋን፡ ሰለስተ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦን 30 ጋንታታት ክሳተፋ እየን። ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ዝተዋጽኣ 15 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 164 ተቐዳደምቲ ድማ፡ ንክወዳደሩ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ዞባታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ደቡብን ግና፡ ብኽልተኡ ጾታ ኣብዚ ሃገራዊ ውድድር ቦኺረን ኣለዋ።

ኣብቲ ሰዓት 700 ቅ.ቀ ዝጅመር ናይ ቀዳም 7 ለካቲት ናይ በረኻ ውድድር፡ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መስመር ባጽዕ - ጊንዳዕ - ባጽዕ ናይ 135 ኪሎሜተር፡ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ካብ ባጽዕ ተበጊሰን ጋሕቴላይ በጺሐን ባጽዕ ዝውዳእ 90 ኪሎሜተር ክሸፍኑ መደብ ወጺኡ ኣሎ።

ኣብዚ ዕለት፡ ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ ዝጉዓዝ ተሽከርከርቲ፡ ንውሕስነት ተቐዳደምቲ፡ ቅድሚ ሰዓት 6:00 ቅ.ቐ ክበጽሑ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ባጽዕ ዝወርዳ ድማ፡ ንከተማ ጊንዳዕ ድሕሪ ሰዓት 10:00 ቅ.ቐ ክሓልፋ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ሓቢሩ ኣሎ። ኣብ’ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ጸወታ ሰዓታት ግና፡ እቲ መስመር ዕጹው ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ ምምሕዳር ከተማ ጊንዳዕ፡ ጋሕቴላይ፡ ማይ ኣጣልን ከተማ ባጽዕን ንተቐዳደምቲ ፅንቅፋት ካብ ዘውርዱ እንስሳታት፡ ምስ ነበርቲ ብምትሕብባር ክዕቡዋ ከውሕስዎን ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣኻብርቲ ጸጥታ ክተሓባበሩን እቲ ፌደረሽን ተላብዩ።

እዚ ንሳልሳይ ግዜኡ ኣብ ባጽዕ ዝሰላሰል ውድድር፡ ሰንበት ብናይ ከተማ (ቸርኪቶ) ጸወታ ክዛዘም እዩ። ደቂ ኣንስትዮ 70 ኪሎሜተር፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ናይ 110 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እዮም። ኣብ ክልተኡ ውድድር፡ ብዝሀረም ግዜን ዝኣከቡ ነጥቢን ከኣ ዕወታት ክፍለጡ እዮም።

ብሓፈሻ ኣብ 2022 ዝጀመረ ራብዓይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ውድድር ኤሪጁንየር ኤርትራ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ተኣእቲ ተቐዳደምቲ ንምፍራይን ንዝኸሪ በዓል ፈንቅል ንምድማቕን ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ነሸስ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ናብ ፕሪመር ሊግ ክምለስ ከምዝደሊ ገሊጹ ክበሃለሉ ዝሓገዮ ኣከፋፋሊ ኣል ሂላል - ሩበን ነቨስ፡ ትማሊ ክሳብ ሰነ 2029 ዘጸንሐ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

እዚ ወዲ 28 ዓመት ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ ክረምቲ 2023 ናብዛ ስዑዳዊት ክለብ ቅድሚ ምስግጋሩ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንዎልቨስ ከምዝተሰለፈላ ይዝከር። ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝበረ መስኮት ምስግጋር ከኣ፡ ብብዙሓት ክለባት ኤውሮጳ ተደልዩ ምንባሩ ይግለጽ።

## ካንተ፡ ናብ ፈነርባቸ ተጸምቢሩ

ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ፡ ንፈረንሳዊ ኣከፋፋሊ - ንጎሎ ካንተ፡ ካብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢትሓድ ከምዝፈረመቶ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣፍሊጣ።

ካንተ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ናብ ፈነርባቸ ክጽምበር ተተሰፍዩ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ኣል-ኢትሓድ፡ ናይ ውዕል ወረቐት ኣብ ግዜኡ ብዘይምቕራባ፡ እዚ መሰርሕ ኣብ ግዜኡ ከምዘይተፈጸመ፡ ፈነርባቸ ትወቕሱ። ትማሊ ግና፡ ንክልተ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ዝተጻወተ ካንተ፡ ኣብ ሓዲሽ ሊግ ንምጽዋት፡ ናብ ቱርኪ ኣቐኒዑ ኣሎ።

29 መጋቢት 35 ዓመት ዕድመ ዝመልእ ካንተ፡ ኣብ ክረምቲ 2023 ናብ ኣል ኢትሓድ ቅድሚ ምጽምባሩ፡ ምስ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ብምዃን ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣልዒሉ። ቅድሚኡ ጋንታኡ ምስ ዝበረት ሌስተር ሲቲ ኮይኑ ከኣ፡ ኣብ 2016 ታሪኻዊት ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ምልዓሉ ይዝከር።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣጥቃዓይ ፈነርባቸ - የሱፍ ኒያሰ፡ ኣብዚ መስርሕ ከም ቅያር ካንተ፡ ናብ ኣል ኢትሓድ ኣምሪሑ ኣሎ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ሞሮካዊ፡ ንሰታ ካሪም በንዘማ ንምትካእ እዩ ምስታ ጋንታ ተጸምቢሩ። በዚ ክለብ ብናጻ ዘጻውቶ ውዕል ዝተቐረበሉን ዘይተቐበሎን - በንዘማ፡ ናብ ኣል ሂላል ተሰጊሩ ።

## ኦሎምፒክ ኮሚተ፡ ሩስያ ናብ ውድድሩ ክትምለስ...

ፕረዚደንት ዓለምለኻዊ ኦሎምፒክ ኮሚተ ዝኾነት ክሪስቲ ኮቨንትሪ፡ ሩሲያ፡ ኣብ ኦሎምፒክ 2028 ክትምለስ ከምእትኽእል የእንፈታ።

ሩሲያ፡ ኣብ 2022 ምስ ዩክሬይን ኣብ ኲናት ድሕሪ ምእታዋ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ንጥፈታት ካብ ምስታፍ ከምዝተኸልከለት ይዝከር። ስፖርታውያን ናይታ ሃገር፡ ብውልቆም ኣብ ዘውዳደሩሉ ዓውዲ’ውን፡ ጥንዲራ ሃገሮምን ሃገራዊ መዝሙርን ከይጥቀሙ ተኸልኪሎም ኣለዉ።

ኣብ ሰነ 2025 ንሓደ ካብ’ቶም ዝዓበዩ ኮሚተታት ስፖርት ዝኾነ ኦሎምፒክ ክትመርሕ ዝተመርጸ ኮቨንትሪ፡ ብቐጥታ ስም ሩሲያ ከይጠቐሰት፡ “ኩሎም ኣትሌታት ኣብ ስፖርት ክሳተፉ ክፍቀደሎም ኣለዎ - ናይ መንግስቶም ባህሪ ብዘየገድስ።” ኢላ። እዛ ዘምጉበወኣዊት፡ ነዚ 130 ዓመታት ዕድመ ዘለዎ ኮሚተ ክትመርሐ ዝበቕዐት ናይ ፈለማ ጓል ኣንስተይቲ እያ።



ኮቨንትሪን

ኢንፋንቲኖን

ቅድሚ ወሰናት መዓልታት’ውን፡ ፕረዚንደት ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) - ጃንያኒ ኢንፋንቲኖ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ተነቢሩ ዘሎ እገዳ ኩዕሶ እግሪ ክለዓል ጸዊዑ እዩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሊግ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ናይ ደቂ ተባዕትዮ**

**ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን - ኩጥንያ**

ህንጻ ሰገን 1:30 ድ.ቀ

ኣሊታሕረር - ኣዱሊስ 1:30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያን ዩክሬንን፡ ካልኣይ ዙርያ ዝርርብ ጀሚረን

ልኡኻት ሩስያን ዩክሬንን ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ዩክሬን ንኸብቅዕ ኣብ ዝጽዕሩሉ ዘለዉ እዋን፡ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ካልኣይ ዙርያ ዝርርብ ኣብ ኢማራት ዓረብ ከም ዝጀመሩ ተሓቢሩ።

እቶም ልኡኻት ዝሓለፈ ረቡዕ ናብ ኣቡዳቢ ከም ዝኣተዉ፡ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ሩስያን ኣፈኛ ልኡኻት ዩክሬንን ገሊጾም።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ሩስያ ብመንጎኛነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝተበጽሐ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዕት ዩክሬን ዝፍጸም መጥቃዕቲ ደው ክብል ዝጽውዕ ስምምዕ ከም ዝጠሓሰት ድሕሪ ምኽሳሱ እዩ እቲ ኣብ ኣቡዳቢ ንኽልተ መዓልታት ዝቕጽል ሰለሳዊ ዝርርብ ዝካየድ ዘሎ።

ቀዳማይ ዙርያ ዝርርብ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ኢማራት ዓረብ ከም ዝተኻየደ ዝዝከር ኮይኑ፡ እዚ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝተኻየደ ዝርርብ ኑቲ ግጭት ንምቁራጽ ዝተኻየደ ናይ ፈለማ ቀጥታዊ ወግዓዊ ርክብ እዩ ነይሩ።



## መራሕቲ ቻይናን ሩስያን ናይ ማንዛ ርክብ ኣካዪዶም

ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግን ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ዝሓለፈ ረቡዕ ናይ ማንዛ ርክብ ከም ዝገበሩ ተሓቢሩ።

እቶም መራሕቲ ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ዝምድና ሃገራቶም ብምምዕባል እናዓበየ ዝኸይድ ዓለማዊ ዕግርግር ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን ዝምድና ቻይናን ሩስያን ኣገዳሲ ናይ ምርግጋእ ረቛሒ ምዃኑ ገሊጾም።

ሺ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ናብ ቅሩብ ኣንፈት ይግስግስ ኣሎ ዝበሎ ክልተኣዊ ዝምድናታት ናይ'ተን ሃገራት ንምስፋሕ ዓቢ ወጥን ክሕንጸጽ ጸዊዑ።

ቻይናን ሩስያን ኩናት ዩክሬን ኣብ ወርሒ ለካቲት 2022 ቅድሚ ምጅማሩ 'ገደብ ዘይብሉ' ስትራተጂያዊ ሽርክነት ንኽፈጥራ ከም እተሰማምዓ ኣፍሊጠን።

ካብ ሽዑ ጀሚሩ ቻይና፡ ምዕራባውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ሩስያ እገዳታት ኣብ ዝደራርብሉ ዘለዉ እዋን፡ ቀንዲ ማሰመር ቁጠባ ሩስያ ከም ዝኾነት እዩ ዝሕበር።

ሺን ፑቲንን ንመወዳእታ ግዜ ቻይና ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ሰፊሕ ወተሃደራዊ ምርኢት ኣብ ዘካየደትሉ እዋን ኣብ በይጂንግ ከም እተራኸቡ ዝዝከር ኮይኑ፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን እውን ኣብቲ ምርኢት ከም ዝተሳተፈ ኣፍሊጦም።

ኣብ'ቲ ናይ ሽዑ ርክብ፡ ሺ፡ ርክብ ቻይናን ሩስያን ኣህጉራዊ ዕግርግር ከም ዘይጸወረ ብምግላጽ፡ ንቐንዲ ረብሓታት ሃገሩ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ምስ ሩስያ ክወሃድ ቃል ከም ዝኣተወ ይፍለጥ።

ዩክሬንን ኤውሮጳን "ቻይና ኣብ ኩናት ዩክሬን ንሩስያ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ሓገዝ ትህብ ኣላ" ብምባል ክኸስኣ ምጅማረን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ቻይና ግና ኑቲ ዝቐረበ ክሲታት ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምዃኑ ብምሕባር ክትነጽጎ እያ ጸኒሓ።

ዝሓለፈ ሰሉስ ላዕለዎት ዲፕሎማሰኛታት ክልቲኤን ሃገራት ኣብ በይጂንግ ተራኺቦም ኣብ ዓለማዊ ኩነታት ጸጥታን ካልኦት ጉዳያትን ብምዝርራብ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣፍሊጡ።



## ፓኪስታን፡ ኣንጻር ተቓወምቲ እተካይዶ ቃልሲ ተሐይል

ፓኪስታን፡ ኣብ'ታ ብማዕድናት ሃብታም ዝኾነት ምዕራባዊት ግዝኣት ባሎቺስታን እትርከብ ከተማ ካብ ተቓወምቲ ናጻ ንምግባር ሄሊኮፕተራታትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ናብ'ቲ ከባቢ ከም ዘዋፈረት ተሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ኣብ መንጎ ተቓወምቲን ሰራዊት መንግስትን ዝተኻየደ ንሰለስተ መዓልታት ዝቐጸለ ውግእ፡ ዓሰርተታት ሰብ ስልጣን ጸጥታ ዝርከብዎም ብውሕዱ 58 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ተገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ'ቲ ክካየድ ዝቐጸለ ውግእ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ረቡዕ ንከተማ ኑሽኪ ከም ዘውሓስዋ ማዕከን ዜና ሮይተርስ ሓቢሩ።

ሰራዊት ሓርነት ባሎቺስታን ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኣውራጃ ባሎቺስታን ተኸታታሊ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ኣብ መላእ እታ ዝዓበየትን ዝደኸየትን ኣውራጃ ፓኪስታን ንዝርከቡ ጣቢያታት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዕዳጋታትን ትካላት ጸጥታን ከም ዝወረሩ ይዝከር።

ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ዝሓለፈ ረቡዕ ንኣገልግሎት ዜና ኤይኤፍፒ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣብቲ ዝቐጸለ ዘሎ ስርሒታት ጸረ-ሽበራ 197 ኣሸበርቲ ተቐቲሎም" ክብል ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰብ ስልጣን ናይታ ሃገር ኣብ'ታ ምስ ኣፍጋኒስታንን ኢራንን እትዳወብ ኣውራጃ፡ ህዝባዊ ምትእኽኻባትን ሰልፍታትን ብምእጋድ ናይ ጸጥታ ገደብ ኣንቢሮም ኣለዉ።

ፓኪስታን፡ ምስቲ ኣብ ባሎቺስታን ዝርከብ ናይ ምጉንጻል ሕቶ ዘለዎ ምንቅስቓስ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ግጭት ምጽንሓ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት እቶም ዕጡቓት ኣብታ ብማዕድናት ሃብታም ዝኾነት ኣውራጃ ምዝመዛ ይፍጸም ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ከካይድዎ ዝጸንሑ ቃልሲ ኣሐይሎሞ ከም ዘለዉ እዩ ዝሕበር።

ባሎቺስታን፡ ብከሰል፡ ወርቂ፡ ኑሓስን ጋዝን ዝኣመሰሉ ማዕድናት ዝሃብተመ ኣውራጃ ምዃኑ እዩ ዝሕበር።



## ኣመሪካን ኢራንን፡ ተራኺበን ክዛተያ እየን

ኢራን፡ ንኒክለሰሮያዊ መደብት ንምድሪት ዝርርብ ዝካየደሉ ቦታ ክቕየር ድሕሪ ምሕታታ፡ ዝመጽእ ዓርቢ ኣብ ምግን ምስ ኣመሪካ ተራኺባ ክትዛተ ምዃና ተሓቢሩ።

ኢራን ቅድሚ ሕጂ ንኒክለሰሮያዊ መደባታ ኣመልኪቶም ዝተኻየዱ ዝተፈላለዩ ዙርያታት ርክብ፡ ኣብ'ታ ወሽመጥ ዓረብዊት ሃገር ከም እተኻየዱን ንባለስቲካዊ ሚሳይላት ዝምልከት ዝርርባት ድማ ንኸይለዓልን፡ ዝርርብ ዝተጠቀመትሉ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዘተኩኣቶ እትገልጽ ኢራን፡ ጸጥታኣ ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ነብሳ ንምክልኻል ሚሳይላታ ከም እትጥቀም እያ ተጠንቅቕ።

እቲ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ብዓል ስልጣን፡ ኢራን ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ኣብ ኑክለሰሮያዊ መደባታ ጥራይ ከም እትዘራረብ እኳ እንተ ኣፍለጠት፡ ኣመሪካ ግን ካልኦት ጉዳያት ኣብ ኣጀንዳ ክቐርቡ ከም እትደሊ



ዝቐየደሉ ቦታ ካብ ቱርኪ ተቐዪሩ ኣብ ምግን ክኸውን ከም ዝመረጸት፡ ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ኢራናዊ ብዓል ስልጣን ሓቢሩ።

ኢራን ብጉዳይ መደብት ባለስቲካዊ ሚሳይል ሕድገታት ከም ዘይትገብር እያ ክትገልጽ ጸኒሓ።

ዝሓለፈ ዓመት ካብ እስራኤል መጥቃዕቲ ካብ ዝወረዳ ንደሓር፡ ኣብሪሃ።

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ንሓንቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኢራን ድሕሪ ምውዳቓን ዕጡቓት ጀላቡ ኢራን ናብ መጻብቦ ሆርሙዝ - ናብ'ታ ጣንዴራ ኣመሪካ ተንበልቢል ዝነበረት መርከብ ድሕሪ ምቕራበን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ዘሎ ወጥሪ መሊሱ ከይብኣስ ተሰጊኡ ከም ዘሎ ይሕበር።

## ናይጀርያ - ብውሕዱ 35 ሰባት ብዕጡቓት ሓይልታት ተቐቲሎም

ኣብ ናይጀርያ ግዝኣት ክዋራ ኣብ እትርከብ ቁሸት ምሮ፡ ዕጡቓት ሓይልታት ብዘኻየድዎ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 35 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ኣብያትን ድኳናትን ድማ ከም ዝተቓጸሉን ሰብ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ገሊጾም።

ብዙሓት ካልኦት ካብ'ቲ መጥቃዕቲ ከምልጡ ናብ ጫካ ከም ዝሃደሙ ዝገለጹ እቶም ሰብ ስልጣኑ፡ ሓያሎ ሰባት ደኺዮም ጠፊኦም ብምህላዉ ቀጵሪ ምውታት ክውሰኽ ከም ዝኽእል ሓቢሮም።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ'ታ ምስ ግዝኣት ኒጀር እትዳወብ ክዋራ ብተደጋጋሚ ብዕጡቓት ሓይልታት ካብ እተፈጸሙ መጥቃዕቲታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ እዩ ጸብጻብት ዘረድኡ።

ኑቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ሓላፍነት ዝወሰደ ኣካል እኳ እንተዘየሎ፡ ምምሕዳር ናይ'ታ ግዝኣት ግና እቲ መጥቃዕቲ ግብሪ ሽበራዊ ምንቅስቓስ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።



ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ መላእ ሰሜናዊ ምዕራብን ሰሜናዊ ማእከላይን ናይጀርያ፡ ዕጡቓት ኣብ ገጠራት ኣብ ልዕሊ ዝነብሩ ማሕበረ ሰብ ዝፍጽምዎ መጥቃዕቲ፡ ዝሞቱን ጭውያን እናወሰኸ ከም ዝመጸ ይግለጽ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 05/02/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services